# ማሌሊት እንትትቅላዕ

ካልኣይ ክፋል

<u>**ፍሬቻ ንፀጋም ጉዕዞ ንየማን**</u>

ገምጋም ፓነል

ብግደይ ዘርኣፅዮን

ሰነ 1979

| ትሕዝቶ | ገፅ |
|---|---|
| 1 . ኩሉ በቢ ሽሙ ይፀዋዕ | 1 |
| 2. ቡርዧ ስትራተጂካዊ መሓዛ ኣይኮነን ምባል ዴሳዊ ወያነ ነካይድ ማለት ድዩ ? | 23 |
| 3. ትርጉም ናይ ኣፈላላይ | 30 |
| 4. ልጋብ | 32 |


## ኩሉ በቢሽሙ ይፀዋዕ

*ማሌሊት /ህወሓት ምስ ግደይ ዘለዎም ኣፈላላያት ብዝምልከት ዝገልፅ ናይ ቪድዮ ምርኢት ጀሚሮም ከምዘለዉ ንርኢ ኣለና ፡፡ነቲ ኣብ መንጎይን ማሌሊትን ዘሎ ኣፈላላይ ዝገልፅ ፅሑፍ ምውፃእ ኣድላይነቱ ብምንግዛብ ብገፌሑ ዘዳለኽዎ ፅሑፍ ነይሩ እዩ ፡፡ እዚ ፅሑፍ ናብ ሱዳን ከውፅእ ከለኹ ማሌሊት ስለዘሕደገትኒ ብእዋኑ ንመንበብቲ ከበፅሕ ኣይከኣለን ፡፡ምናልባትውን ምስቲ ሕዚ ዘለኒ ናይ መፃሕፍቲ ሕፅረትን ንምሕታሙ ዘለኒ ናይ ማተሪያል ፀገም ከይዘንገዐ ኣይተርፍን ፡፡ ይኹንምበር እቲ ብማሌሊት ዝዝርጋሕ ዘሎ ናይ ቪድዮ ምርኢት ብግቡእ ንምርዳእን ኣብቲ ፓነል ዝነበረ ሻጥራት ንምቅላዕን ዝሕግዝ ሓበሬታን ገምጋምን ናይቲ ፓነል ምቕራብ እዋናዊ ኮይኑ ረኺበዮ ኣለኹ ፡፡ በዚ መሰረት እቲ ክልስ ሓሳበዊ ከትዕና ኣብ ፅሑፍ ንቕድሚት ከወፅእ ሕዚ ግና ናይቲ ፓናል ከይዲ ከመይ ከምዝነበረ ኢና ክንርኢ ፡፡*

*ኣፈላላይና ኣብዚ 2ይ ሪጅናዊ ኮንፈረንስ ክለዓል ከሎ ምኽንያት ዝኾነ በቲ ፕሪዲዚየም ዝቐረበ እዚ ዝስዕብ ገምጋም ነይሩ ፡-*

“ኣብ ጉባኤና ብዝሃብናዮም ኣረኣእያታት ተበጊስና ናይ ህዝቢ ፖለቲካዊ ስራሕትና መሰረታዊ ምትዕርራይ ዝግበረሉ መልሲ ናብ ናይ ኣንፈት መልሲውን ክንረክብ ኪኢልና ኣለና ፡፡ በቲ ሓዱሽ ኣረኣእያና ሕዚ ክነልዕሎም ዝበቓዕና መሰረታዊ ሕቶታታት ፡-

ኢሉ ካብቶም ሓቅታት ሓደ ድማ እዚ ዝስዕብ የቕርብ ፡-

“ኣብ ሓራ መሬትና ብሰንኪ ድርቂ ዝመፁ ናይ ሓፍታም ገባር ተነፃፃሪ ሃፍቲ ምድላብን ናይቲ ድኻ ተነፃፃሪ ድኽነት ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ምውራድን ተሳጢሑ ኣሎ ፡፡ናይዚ መድረኽና ፈተውቲ ደርብታት ጎንፂ ነቲ መድረኻዊ ሓበራዊ ዕማም ብዘየሰንክል መንገዲ ናብ ኣንፃር ናይ ሓባር ጸላኢ ምርብራብ ዘተኩሩሉ ፖለቲካዊ ኣንፈት ምቕያር ብኸመይ ነቀላጥፎን ” [1] ይብል ገፅ 46 “ኣጠቓላሊ ገምጋም ፅባሕ መስራቲ ጉባኤ ማሌሊት ”መስከረም /79

ካብዚ ገምጋም ተበጊሰ ኣነ ብመሰረቱ ማሌሊት ኣብ ቡርዧ ዘለዋ ኣረኣእያ ጉጉይ ስለዝኾነ ነዚ ኣብ መንጎ ሃፍታም ገባርን ድኻ ገባርን ዘሎ ጎንፂ ኣብ ምእላይውን ትኽክለኛ ኣንፈት የብልናን ስለዚ እዚ ቐሪቡ ዘሎ ገምጋም ትኽክል ኣይኮነን ኢለ ተቓውሞይ ኣቕሪበ ፡፡ዕድልውን ዝወሃበኒ እንተኾይኑ ድማ ሓሳበይ ኣግፊሐ ከቕርብ ነቲ ገዛ ሓቲተ ፡፡

እቲ ገዛ ናይ ግደይ ሓሳብ ንፕሮግራምና ዝፃረር ስለዝኾነን ክዛረብ ክፍቀደሉ ጥራሕ ዘይኮነስ ነዚ ሓሳብ ሒዙ ኣብዚ ኮንፈረንስ ክካፈል የብሉን ፤እቲ ፕሬዚዲየም ድማ ንግደይ ኣብ ፕሮግራምና ዘለዎ ኣረኣእያ ሓቲቱ ውሳነ ክሕልፍ ኣተሓሳሲቡ ፡፡

እቲ ፕሪዚዲየም ሓቲቱኒ ኣብ ፕሮግራም ናይ ማሌሊት ኣፈላላይ ከምዘለኒ ከምዘይኣምነሉን ገሊፀሎም ፡፡እቲ ፕሬዚዲየም ካብቲ ኮንፈርስ ክባረር ወሲኑ ፡፡ኣብዚ መለስ ኣባል ፖሊት ቢሮ ግደይ ነቲ ፕሮግራም ከይተፃረረ ኣብቲ ኮንፈረንስ እንተተኻፈለ ፅቡቕ እዩ ዝብል ነቲ ገዛ መተሓሳሰቢ ኣቕሪቡ ፡፡ብወገነይ በቲ ኮንፈረንስ ኣብ ዝቐረበ ኣጀንዳ ሓሳበይ ክገልፅ እንተኾይነ ካብ እምነተይ ተበጊሰ ክገልፅ እዩ ዘለኒ ፤ተኻፊልሞ ሓሳብካ ኣይትግለፅ ዝብል ኣይቕበሎን ካብዚ ብዝተረፈ ግን እቲ ገዛ ብተዓዛብነት ክሳተፍ ክፈቕደለይ ሓቲተ ፡፡ሓሳበይ እቲ ገዛ ነፂግዎ ካብ ኮንፈረንስ ወፂአ ክኸይድ ከለኹ እቲ ቪድዮ የርኢ ፡፡

ኣብዚ ነጥቢ ማሌሊት ብሓደ ወገን ክትብለፅሉ ብሓደ ወገን ድማ ክትሸፍኖ ዝደለየቶ ነጥቢ ኣሎ ፡፡ ግደይ ኣብ ክሊ ፕሮግራም ተጠርኒፍካ ሓሳብካ ግለፅ ኢልናዮ ገደብ ዘይብሉ ክትዕ ክገብር እየ ኢሉ ኣብዩ ኮንፈረንስ ነፂጉ ወፂኡ ዝብል መልእኽቲ የሕልፉ እዮም ፡፡ኣነ ዝተፈለየ ፕሮግራም ሒዘ ግድን ክተካፍሉኒ ኣለኩም ኢለ ኣይሓተትኩን ፤እንዲያውም ብተዓዛብነት ክካፈል ኢለ ሓቲተ ፡፡ማሌሊት ተኻፈል እንተይላትኒ ግን ገደብ ክትገብሩለይ የብላን እየ ዝበልኩ ፡፡ተኻፈልሞ ሓሳብካ ኣይትግለፅ ዝብል ኣቀራርባ ነኒባዕሉ ተገራጫዊን ትርጉም ዘይብሉን እዩ ፡፡እዚ ድማ “ለጋስነት”ናይ ማሌሊት ንምርኣይ ዝተገበረ ሸፈጥ እዩ ፡፡

ካልእ በዛ ነጥቢ እዚኣ ማሌሊት ክትሸፋፍኖ ደልያ ዘላ ነገር ዘይዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓኣ እዩ ፡፡ዝኾነ ተሳታፊ ናይቲ ኮንፈረንስ እቲ ገዛ ኣብ ዘልዓሎ ኣጀንዳ ደገፉ ይኹን ተቓውሞ ወይ ቁጠዐ ከስምዕ መሰሉ ዝተሓለወ ክኸውን ኣለዎ ፡፡ ካብ ፕሮግራም ወፃእ ዝኾነ  ሓሳብን  ሰብን ካብቲ ውድብ ከንፀግ እንተኾይኑ እቲ ኣጀንዳ ዝዓገዶም ሓሳባት ኣብቲ መድረኽ ክትዕ ምስ ተኻየደሎም ክኸውን ኣለዎ ፡፡ንተቓውሞን ቁጠዐን ዘለዎም ሓሳባቶም ዘይምስማዕ እቲ ኣኼባ ናይ ውዳበ ኮንፈረንስ ከምዝነበረ ጥራሕ ኢና ክንርዳእ ንኽእል ፡፡እቲ ኮንፈረንስ ንዓይ ተቓውሞይ ከይገልፅ ምኽልካሉ ዓብይ ጉድለት ዘይዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ እዩ ፡፡እቲ ኣጀንዳ ብናተይ ተበግሶ ቐሪቡ እንተዝነብር ከንዘራረበሉ ኣይንኽእልን ክብል ይኽእል እዩ ፡፡ እቲ

ፕሪዚዲዩም ባዕሉ ኣብ ዘቕረቦ ኣጀንዳ ግን ተቓውሞ ኣይሰምዕን ምባል ጉጉይ ዘይዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ እዩ ፡፡ማሌሊትውን ነዚ ድኽመታ እያ ሸፋፊና ከተሕልፍ ትፍትን ዘላ ፡፡

ብድሕሪዚ ናይ ፕሮግራም ኣፈላላይ ስለዝለኒ ካብቲ ግንባርን ፓርቲን ከምዝተባረሩኩ ኣብ ዝገልፅ ደብዳበ ናይ ፖሊት ቢሮ ፓነል ብዝምልከት እዚ ዝስዕብ መልእኽቲ በፂሑኒ ፡-

"ካብ ፕሮግራምና ዝተፈለየ ሓሳብ ዝሓዘ ፅሑፍ ወይ ሰብ ኣብ ኣባልና ምዝርጋሕ ኣድላይ ኮይኑ ጠቓሚ ኮይኑ እንትንረኽቦ ምዝርጋሕ ኣሰራርሓና ስለዝኾነ ብመሰል ዘይኮነ ብጠቓምነት ሪእና ኣፈላላይካ ብፓነል መልክዕ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ኮንፈረንስ ከተቕርብ ዕድል ንህበካ ኣለና " ፍቓደኛ እንተኾይንካ መልሲ ኣፍልጠና ፤እቲ ዝተዘርዘረ ነጥብታተት ብኣካል ክንዘራረረበሉ ናይዚ ፓናልን ናይዛ ደብዳበን መልሲ ብፅሑፍ ሃበና ፡፡"[2]

እቲ ብመሰል ደረጃ ክጥቀመሉ ዝኽእል መድረኽ ከልኪልካ እዚ ናይ ፓናል ዕድል ምፍቃድ እንታይ ዓይነት ኣሰራረርሓ እዩ ? ዕላምኡኽ እንታይ እዩ ?

ብወገነይ እዚ ኣቀራርባ ቅንዕና ዘይብሉን ንዓይ ንምውቃዕን ምኺኑ ተረዲአ ነይረ ፡፡ኣብዚ ፓነል ኣይካፈልን ምባል ግን ንግደይ ክብለፁሉ ምኺኖም ገሚተ ፡፡ኣይካፈልን እንተኢለ ቀደሙስ እንታይ መስመር ነይሩዎ ኣኼባ ንምርባሽ እዩ'ምበር መስመር እንተሊዩዎ ድኣ ዕድል ምስሃብናዮ ዘይካፈል ብዝብል ክብለፁሉ ምኺኖም ኣብ ግምት ብምእታው ክካፈል መሪፀ ፡፡

ማሌሊት ነዚ ናይ ፓነል መድረኽ ምፍቃድን ብቪድዮ ንህዝቢ ክርኣ ምግባርን ዲሞክራሲያዊት ውድብ እያ ዝብል ምድንጋራት ከምዝፈጥር ዘካትዕ ኣይኮነን ፡፡ ብርግፅ ከሳብ ክንድዚ ምኻዳ ኣብ ከባቢና ተራእዩ ዘይፈልጥ ስለዝኾነ ንመብዛሕትና ሓዱሽን ዘድነቕናን ክኸውን እዩ ፡፡እዚኣ ንባዕላ ኣወንታዊት እኳ እንተኾነት ማሌሊት ከምዚኣም ዝበሉ ኣሰራርሓታት ንምንታይ ዕላማታትን ኣገባብን ትጥቀመሉ ወይ ትብለፀሉ ዝብል ምርኣይ ግን ኣገዳሲ ይኸውን ፡፡ እዚ ኣነ ኣቕሪበዮ ዘለኹ ኣፈላላያት ኣብ ክሊ ማእከላይ ኮሚቴ ጥራሕ ዘይኮነስ ግፍሕ ዝበለ መድረኽ ተፈቒዱሉ ምይይጥ ክግበረሉ ንፖ/ቢሮ ማሌሊት ሕወሓት ብ23/1/79 ሓቲተ ካብ ፕሮግራም ወፃእ ብምኺኑ ገፊሕ መድረኽ ከምዘይፍቀደለይ ተነጊሩኒ እዩ ፡በዚ ኣንፃር ግን ናተይ መስመር ዝፃረር ሓሳባት ኣብ ቤት ትምህርቲ ካድረ ከም ትምህርቲ ዝወሃብ ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ንተጋደልቲ ክሰርፅ ዕድል ዝነበሮን ምንቅስቓስ ዝተገበረሉን እዩ ፡፡እሞ ነዞም ዝተፈላለየ መሰልን ዕድልን ዘለዎም ክልተ ሓሳባት ናብ ፓነል ኣምፂእኻ ተወዳደሩ ምባል ዕላምኡን ውፅኢቱን ንምግማቱ ዘፀግም ኣይመስለንን ፡፡ እቲ ፓነል ንዓይ ንምውቃዕ እምበር ኣፈላላያት ናብ መድረኽ ኣውፂእኻ ንምርኣይ ኣይኮነን ዝብለሉ ዘለኹ ሓደ ምኽንያትውን እዚ እዩ ፡፡ ቅድሚ ሕዚ ብዛዕባ ሓሳበይን ፅሑፈይን ሰሚዑ ዘይፈልጥ ኣኼባ ኣብታ ዝነበረት ኩነታተት ንፓናል ኢለ ከቕርብ ፅቡቕ ከምዘይኮነ ይርደኣኒ ነይሩ እዩ ፡፡እንተዘየቕርብ ነይረ ግን ዝገደደ መፀለምታን ሳዕቤንን ክነብሮ ነይሩ ፡፡

ማሌሊት ብሓቂ ድኣ ፖለቲካዊ ኣፈለላለያት ኣብ መድረኽ ወፂኦም ኩሉ ሰብ ተኻፊሉሎም ነናይ ባዕሉ መርገፂ ክወስድ ትኣምነሉን ትድግፍን ኮይና ዋላ ድሕሪ እቲ ፓነል ኣነ ሓሳበይ ንህዝብን ተጋደልቲን ክዝርግሕ ሓቲተ ንምንታይ ከልኪላትኒ ? እዚ ነጥቢ ሜዳ ገዲፈ ክወፅእ ካብ ዝተገደድኩሉ ኩነታት ሓደ ስለዝኾነ ኣብ ካልእ ፅሑፍ ኣግፊሐ ክገልፆ እየ ፡፡ሕዚ ግና "ዲሞክራሲያዊነት" ማሌሊት እንታይ ዓይነት ምኺኑ ብዝበለፀ ንምርዳእ እቲ ከይዲ ፓነል ከመይ ከምዝነበረ ክንርኢ ፡-

እቲ መመያየጢ ኣርእስቲ ኣብዞም ዝስዕቡ ናተይ ቅዋም ዝብገስ እዩ ፡-

1) ሃገራዊ ቡርዧ እንኮላይ ሃፍታም ገባር ስትራተጂካዊ መሓዛ ናይ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ኣይኮኑን
2) ምልክነት ሽቃላይን ገባርን ብሶሽየትስ መልክዕ ኣካል ናይ ሽቃላይ ምልክነት እዩ ፡፡
3) ካብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ናብ ዴሳዊ ወያነ ናይ ስግግር ፕሮግራም ኣሎ ፤

እዘን ዝተጠቐሳ ርእስታት ክትዕ ንምግባር ኣኼባ ይጅመር ፡፡ እቲ ኣኼባ ግና ምስተኸፈተ መተሓሳሳቢ ካብ ኣባይ ኣቦ ወንበር ናይ ማሌሊት ነቲ ገዛ ይቐርብ ፡፡ ኣባይ እቲ ገዛ ኣብ ክሊ ፕሮግራም ማሌሊት ኮይኑ ጥራሕ ርኢቶን ሕቶን ከቕርብ ከምዘለዎ ሓሳብ ኣቕሪቡ እቲ ኣቦ ወንበር ተቐቢልዎ በዚ መሰረት ይቕፅል ፡፡ስለዚ እቲ ፓናል ካብ ወጋሕትኡ ከመይ ከምዝቕፅል ርዱእ እዩ ፡፡እቲ ገዛ ናይ ግደይ መስመር ተቓዋሚ ኮይኑ ከካፈል'ምበር ናይ ክልቴና ተኻታዕቲ ሓሳብ ሚዛናዊ ብዝኾነ መንገዲ ሰሚዑ ሓሳቡ ክገልፅ ዕድል ኣይሀብን ፡፡እዚ ኣይነት ስግኣትን መፈራርሕን ኣቐሚጥካ እቲ ተኻፋሊ ብሙሉእነት ንመስመሩ ደጊፉ ንግደይ ዝደገፈ ኣይነበረን ወዘተ ወዘተ ምባል ካብ ደርጋዊ ሰበኻ ብምንታይ ይፍለ ? ብሱሩኽ ኣብዚ ውድብ ዘሎ ኣሰራርሓ ዲሞክራሲያዊነቱ ብትዕትዕ ዝበለ ምኺኑ ዘርድእ'ዶ ኣይኮነን'ዩ ? /ንቐፅል እስቲ /

ኣብቲ ክትዕ ኣብ መንጎይን መለስን ከምኡውን ካብቲ ገዛ ምስ ገለ ኣባላት ማእከላይ ኮሚቴ ጥቕስታት ብዝምልከት ብዙሕ ምውጣጣት ነይሩ ፡፡ መለስ ክድምድም ከሎ ከምዚ ዓይነት ክትዕ ክነካይድ የብልናን ኢሉ ዝሃቦ ገምጋም ኣሎ ፡፡ ኣነውን ከምዚ ዓይነት ሽፈጥን ቅጥፈትን ዝተመለአ ክትዕ ድሕሪ ሕዚ ክድገም የብሉን እብል ፡፡ መለስ ደድሕሪ ጥቕስታተት ግደይ ክንካይድ የብልናን ዝብል ብተደጋጋሚ ክገልፆን ከናእሶን ይፍትን፡፡ ኣነ ድማ ሓደሽቲ ሓሳብ ክሳብ ዘየፍለቕና ቅድሜና ዝነበሩ ማርክሳውያን ዘቕመጡልና ሓሳባትን መምርሒታትን ክንኽተልን ክንጠቅስን ግቡእ እዩ ፡፡ ምስቲ ሒዝናዮ ዘለና ርእስታት ዘይዛመድ ጥቕስታተት ቀሪቡ እንተኾይኑ ግርም ናይ መለስ ክሴታ ክንሰምዕ እንተዘየለ ጥቕስታተት ኣይቕረቡ ዝብል ኣይቕበሎን፡፡ እንዲያውም ከዅነነን ዘለዎ ጥቕስታት ኣጣሚምካ ምትርጓም ዝግበር ዝነበረ ማሌሊታዊ ሽፈጥ እዩ፡፡ ማሌሊት ምእንተ ውልቃዊ ጥቕሚ ናይ ውሑዳት መራሕቲ ማርክስ-ሌኒንነት ኣጣሚሙን ኣደናጊሩን ከቕርብ ምፍታኑ እዩ እቲ ዓብይ ፀገም ፡፡ ነዚ ብኣብነታት ክድግፎ እየ ፡፡

ካብቲ ቪድዮ ከምዝረአ ብዙሕ ጊዜ ካብ ዝተስሓሓብናሉ ሓደ ነጥቢ ሃገራዊ ቡርዧ ጨጋኒ እዩ ፡፤ ሕቶ መሬት ብወያናይ መንገዲ ኣይፈትሕን ኢለ ካብ ናይ 3ይ ዓለምለኸ ናይ 4ይ ጉባኤን 6ይ ጉባኤን ውሳነታት ንመረዳእታተት ኣብ ዘቕረብኩዎ እዩ ነይሩ ፡፡ኣብዚ ነጥቢ መለስ መርገፂኡ ከነፅር ሓቲተዮ ከምዚ ዝስዕብ መሊሱ ፡-

1/ 3ይ ዓለም ለኸ ንሃገራዊ ቡርዧ ጨጋኒ ክብልዎ ከለዉ ከምቲ ኣብ ሩስያ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ኣይኮነን፡፡ ጨጋኒን ተዋላዋሊን ዝብሉ ኣምራት ንሃገራዊ ቡርዧ ክሳብ መወዳእታ ናይቲ ወያነ ዘይኸዱ ምኺኖም እምበር ኣብታ ዝስለፉላ እዋን ንፀላእቶም ብወያናይ መንገዲ ይወቕዑ እዮም ፡፡

2/ ሃገራዊ ቡርዧ ናይ መሬት ሕቶ ከምቲ ናይ ሽቃላይ ኣይፈትሖን እምበር ንመስፍንነት ንባዕሉ ብዝጠቅም ብወያናይ መንገዲ ይወቅዕ እዩ ብዝብል ከምዝምለስ ካብቲ ቪድዮ ክንርኢ ንኽእል ፡፡

መለስ ነቲ ካብ 3ይ ዓለም ለኸ ቡርዧ ናይ መሬት ሕቶ ብወያናይ መንገዲ ኣይፈትሕን ዝብል ዝቐረበ መረዳእታ ትኽእል ኣይኮነን ኢሉ ኣይነፀጎን፡፡ ግን ናይ ባዕሉ መርገፂ ወሲዱ ሃገራዊ ቡርዧ መሬት ብወያናይ

መንገዲ ይፈትሕ እዩ ኢሉ፡፡ ነዚ ታሪኻዊ መረዳእታ ይኹን ክልሰሓሳበዊ ደገፍ ኣይገብረሉን እቲ ገዛ ግን ተቐቢልዎ፤ እዚ እንታይ ንብሎ ፡፡

ነቲ ጨጋኒ ትብል ኣምር መለስ ካብ ናይ 3ይ ዓለምለኸ ጥቕሲ ኣቕሪቡ ከሙግት ፈቲኑ፡፡ ከመይ ከምዘቕረቦን ከምዘደናገረን ቀፂልና ክንርኢ ኢና፡፡ እቲ መንበቢ ናይ ባዕሉ ፍርዲ ክቕርብ መጀመርያ እታ ናይ እንግዘሊኛ ጥቕሲ ብገፌሑ ከቕርባ እየ፡፡ ብድሕሪኡ መለስ እንታይ ከምዝትርጎም እንታይ ከምዘትረፈ ክንርኢ ኢና ፡፡

እታ ጥቕሲ 3ይ ዓለም ለኸ ኣብ 6ይ ጉባኤኡ /1928 /ኣብ ግዙኣትን ሓውሲ ግዙኣትን ሃገራት ኮሚዩኒስት ፓርቲታት ክኽተልኦ ዝግባእ ስትራተጂ ታክቲክን ዝሃቦ መምርሒ እዩ ፡፡

“18 .The national bourgeoisie in the colonial countries do not adopt a uniform attitude to imperialism . One part, more especially the commercial bourgeoisie, directly serves the interest of imperialist capital (the so called comprador bourgeoisie ). In general they maintain, more or less consistently, an anti national imperialist point of view directed against the whole nationalist movement, or to the feudal allies of imperialism and the more highly paid native officals . The other parts of the national bourgeoisie, especially those representing the interest of the native industry, support the national movement; this tenedency vacillating ….inclined to compromise, may be called **national reformism**…

“…The unbearable exploitation of the colonial peasantry can only be ended by the agrarian revolution. The bourgeoisie of china, India and Egypt are by their immediate interest so closely bound up with land-lordism, usury capital and the exploitation of the peasant masses in general, that <u>they oppose not only the agrarian revolution but also every decisive agrarian reform</u> . It is afraid, and not without foundation, that even the mere open formulation of agrarian revolution will stimulate and accelerate  the revolutionary ferment in the peasant masses. Thus, the <u>reformist bourgeoisies</u> can not bring themselves to approach practically this urgent question ….

“19.An incorrect appraisal of the national reformist tendency of the bourgeois in the colonial countries may give rise to serious errors in the strategy and tactic of the communist parties concerned …”janes Vol .11.P 538

መለስ ነታ ትጠቕመኒ እያ ዝበላ ናይ መጀመርያ ዓንቀፅ ከምዚ ዝስዕብ ተርጒሙ የቕርባ

“ኣብተን ግዙኣት ሃገራት ዘሎ ወዲ ሃገር ቡርዧ ንሃፀይነት ብዝምልከት ሓደ ዓይነት ኣረኣእያ የብሉን ፡፡ሓደ ክፋል እቲ ናይ ንግዲ ርእሰ ማላዊ /ኮምፕራዶር / ወይ ፅግዕተኛ ቡርዧ እናተብሃለ ዝፅዋዕ ናይ ሃፀያዊ ርእሰ ማል ረብሓታት ብቐጥታ የገልግል'ዩ ፡፡ ብኣጠቓላሊ እንትረአ እዚኣቶም ፀረ ሃገራዊ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ብሓፈሻ ጠጠው ዝብሉ እዮም ፡፡ እቲ ካሊእ ክፋል ናይቲ ወዲ ሃገር ቡርዥዋ ብፍላይ ናይቲ ሃገር ኢንዱስትሪ

ዝውክል ክፋል ነቲ ሃገራዊ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ይድግፍ ፡፤እዚ ኣረኣኣእያዚ ተወላዋለይን ናብ ተዓራቕነት ዘዘንበለን ሃገራዊ ፀጋንነት ተባሂሉ ክፅዋዕ ዝኽእልን እዩ ፡፡. ሰረዝ ናተይ

ካብዚ ተበጊሱ መለስ ናይ ባዕሉ ገምጋም ክህብ ከሎ ከምዚ ይብል ፡-

"...እቲ ሃገራዊ ቡርዧ ድማ ፈታዊ ናይቲ ወያነ ዝኾውን እዩ ፡፡እዚ ሃገራዊ ቡርዧ ፈታዊ ናይቲ ወያነ እዩ እንትበሃል ግን ተዋላዋላይን ናብ ተዓራቕነት ዘዘንበለን ስለዚ ነቲ ወያነ ናይ ምኽዳዕ ዕድል ዘስፍሕ እዩ ፡፡ በዚ ኣንፃር እዚ እንትረአውን ናይቲ ሃገራዊ ቡርዧ መርገፂ ሃገራዊ ፀጋንነነት ተባሂሉ ክፅዋዕ ዝኽእል እዩ ፡፡

እተን ኣስሚረለን ዘለኹ ሓረጋት ንመልከተን ፡፡ መለስ እቲ ሃገራዊ ቡርዧ "ነቲ ሃገራዊ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ይድግፍ " ኢሉ ኣርባዕተ ነጥቢ ገይሩሉ፤ እታ ናይ 3ይ ዓለም ለኸ ጥቕሲ ግን ከምኡ ኣይኮነትን ትብል ፡፡ ይድግፉ ኢላ ጠጠው ኣይትብልን ፡፡ እቲ "ደገፍ " ተወላዋልን ናብ ተዓራቕነት ዘዘንበለን ምዃኑ ትገልፅ እያ ፡፡ ስለዚ ነተን ኣስሚረለን ዘለኹ ክንሪኤን እንተኾይንና ከምዚ እያ ትብል ፡-

"...ነቲ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ይድግፉ ፤እዚ ደገፍ ተወላዋልን ናብ ተዓራቕነት ዘዘንበለ ኮይኑ ፣ሃገራዊ ፀጋንነት ተባሂሉ ክፅዋዕ ይኽእል እዩ ፡፡

መለስ ነታ "ይድግፉ" ትብል ወሲዱ ሃገራዊ ቡርዧ ፈታዊ እዩ ኢሉ (ፈታዊ ክበሃል ከሎ ብማሌሊታዊ ኣጠቓቕማ 'ስትራተጂካዊ ፈታዊ ' ማለቱ እዩ ፡፡ ) እታ ጥቕሲ ናይ 3ይ ዓለምለኸ ግን ከምኡ ኣይትብልን ፡፡ እንዲያውም ነቲ ጉጉይ ማሌሊታዊ ኣረኣእያ /ማለት ሃገራዊ ቡርዧ ንሃፀይነት ተሪሩ ይወቅዕ እዩ ዝብልዎ ብምፅርራር ሃገራዊ ቡርዧ ንሃፀይነት እውን ተሪሩ ከምዘይወቅዕ እያ ትገልፅ ዘላ ፡፡

መስፍንነት ኣብ ምውቃዕ እዚ ሃገራዊ ቡርዧ ከመይ እዩ ? መለስ ይኹን ማሌሊት ብወያናይ መንገዲ ይወቅዕ እዩ ከምዝብሉ ርኢና ኢና ፡፤ እስቲ እታ መለስ ትጠቕመኒ እያ ኢሉ ዝተጠቐመላ ጥቕሲ እቲ ተቓሪፁ ተሪፉ ዘሎ ንርኣዮ ፡፡ እታ ጥቕሲ ከምዚ ትብል ፡-

"...እቲ ክፅወር ዘይኽእል ምዝመዛ ናይተን ኣብ ግዙኣት ሃገራት ዝርከብ ገባር ክቋረፅ ዝኽእል ናይ መሬት ሕቶ ብምፍታሕ እዩ ፡፡ ከም ቻይና ፣ህንዲ ፣ግብፂ ቡርዧታት ብጥቕሞም ምስ መስፍንነት ናይ ሓረፃ ርእሰማልን ብሓፈሽኡ ንገባር ኣብ ምምዝማዝ ፣ጥቡቕ ምትእስሳር ስለዘለዎም ሕቶ መሬት ብወያናይ መንገዲ ክፍታሕ ይቃወሙ ጥራሕ ዘይኮነስ ንዝኾነ ርኡይ ጭገናዊ ለውጢ ናይ መሬት እውን ይቃወሙ እዮም ፡፡ ወያናይ ፍታሕ ዝሕብር ናይ መሬት ሕቶ ናይ ገባር ምንዕዓብ ከለዓዕሎን ከቀላጥፎን እዩ ኢሎም ይፈርሑ እዮም ፡፡ እዚ ፍርሖምውን ትኽክል እዩ ፡፡ ስለዝኾነ ድማ እቲ ጨጋኒ ቡርዧ ነዚ እዋናዊ ሕቶ ንምልዓል ኣይፍትንን ፡፡

19. ኣብዘን ግዙኣት ሃገራት ዘሎ ቡርዧ ጨጋኒ ሃገራዊ ዝንባለታት ትኽክለኛ ገምጋም ዘይምሃብ ሓደገኛ ጌጋ ናይ ስትራተጂን ታክቲክን ኣብተን ዝምልከትን ኮሚዩኒስት ፓርቲታት ክስዕብ ይኽእል እዩ ፡፡...."

ጥቕሲ ጎሪድካ ካብ ሕቑኡ ምውሳድ ማለት ከምዚ እዩ ፡፡መለስ ነዚ ጥቕሲ መሊኡ ዘይረኣዮ ድዩ ኮይኑ ? ኣይኮነን ፡፡ እንዲያውም ኣብቲ ክትዕና እንተሪኢኹም ኣነ ነታ ጥቕሲ መሊአ ምስ ኣቕረብኩሉ እዚ ጥቕሲ ንግዙኣት ሃገራት እዩ ዝብል ዘሎ ፡፡ ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ንዝካየድ ዲሞራሲያዊ ወያነ ማለቱ ኣይኮነን ኢሉ ክሙግት ፈቲኑ ፡፡ ንምንታይ ደኣ መጀመሪኡስ ንሰኻ ጠቒስኻካዮን 3ይ ዓለም ለኸ ግዙኣት ሃገራ ክብል ከሎ ናይ ሃፀይነት ምዝመዛ ዘለወን ኣብ ትሕቲ ቀጥታዊ ባዕዳዊ ግዝኣት ዘለዋን ዘየለዋን ኣጠቓሊሉ ዝርኢ እዩ ፡፡ ኣብዚ ጥቕሲ ንኣብነት ቻይና ኣትያ ኣላ ፡፡ ኣብቲ እዋን ኣብ ትሕቲ ቀጥተኛ ባዕዳዊ ግዝኣት ኣይነበረትን ፡፡

ሃገራዊ ቡርዧ ናይ መሬት ሕቶ ብወያናይ መንገዲስ ይትረፍ ርሑይ ዝኾነ ጭገናዊ ለውጢውን ዘይድገፍ ምዃኑ እዘ ጥቕሲ ትገልፀልና ኣላ ፡፡ መለስውን ነዚኣ ክሓብእ እዩ ከንቱ ፃዕሪ ገይሩ፤ ትሕት ኢለ ድማ እታ ጥቕሲ ዓባይ መጠንቀቕታ ትህብ ትኽክለኛ ገምጋም ናይ ሃገራዊ ቡርዧ ዘይምውሳድ ሓደገኛ ናይ ታክቲክን ስትራተጂን ጌጋ ክትፍፅም ከገብር ይኽእል'ዶ ትብል ትኽክለኛ /እዚ ሓደገኛ ጌጋ እዩ ኣብ ማሌሊት ዝርኣ ዘሎ ፡፡

ካብዚ ናይ 3ይ ዓለምለኸ ጥቕሲ ክሳብ ሕዚ ከምዝረኣናዮ ሃገራዊ ቡርዧ ክሳብ መወዳታ ናይቲ ወያነ ስለዘይኸይድ እዩ ጨጋኒ ዝበሃል ዝብል ትርጉም ኣይረኣናን ፡፡ ሃገራዊ ቡርዧ ንመስፍንነት ንሃፀይነትን ተሪሩ ዝወቓዐሉ እዋን ከምዘየለ /ዋላ ሓንቲ ሰከንድ ትኹን / እዩ እቲ ጥቕሲ ዝረደኣና ፡፡ ነቲ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ይድግፍ ፤ ደገፉ ግና ተወላዋሊን ናብ ተዓራቕነትን ምስ ሃፀይነትን ዘዘንበለን ምዃኑ እዩ ዝገልፅ፡፡

ነዚ ተወላዋሊ ደገፍ ጌሩ ማሌሊት ሃገራዊ ቡርዧ ስትራተጂካዊ መሓዛ እዩ ይብል ፡፡ 3ይ ዓለምለኸ ግን ከምኡ ኣይብልን ፡፡ ኣብዛ ዝተጠቕሰት መፅሓፍ ገፅ 540 -41 ምስ ቡርዧ ስትራተጂካዊ ምሕዝነት (Block ) ምፍጣር ኣይፍቀድን ፡፡ ነቲ ፀረ ሃፀይነት ዘለዎ ደገፍን ኣብቲ ወያነ ዘብፀሖ ዕንቅፋት ኣብ ግምት እንደኢተውኻ ጊዜያዊ ምትሕብባር ክግበር ይከኣል ይብል ፡፡ ኣብ መንጎ 3ይ ዓለምለኽን ማሌሊትን ዘሎ ኣፈላላይ ዓይነታውን ገፊሕን ምዃኑ ብሩህ እዩ ፡፡

መለስ ኣብ ክንዲ ጥቕስታት ክንዲ ንረባረብ መጀመርያ ገዛኢ መሬት ክንሕዝ ብድሕሪኡ ከባቢና ከነማዕዱ ዝብል ብተደጋጋሚ ክዛረብ ንሰምዕ ኢና ፡፡ ጨጋኒን ወያናይን ዝብሉ ኣገደስቲ ፖለቲካዊ ኣምራት ትኽክለኛ ትርጉሞም ክሳብ ዘይፈለጥካ ዕዉር ኢኻ ፡፡ ዕዉር ድማ ኣብ ዝኾነ ይኹን ስትራተጂ ዋላ ኣብ ሰማይ እንተሰቐልካዮ ከባቢኡ ከማዕዱ ኣይኽእልን፡፡ ማሌሊትውን ዋላ ኣብ ሳተላይት እንተሰሰቒላ ካባቢኣ ከተማዕድወሉ ትኽእል መሳርሒ የብላን ፡፡

ካልእ ካብተን ዝተዋጠጥናለን ጥቕሲ ሓንቲ ሃፍታም ገባር (ኩላክ) ብዝምልከት ፈፃሚ ኮሚቴ 3ይ ዓለምለኸ ንኮሚዩኒስት ፓርቲ ቻይና ዝሃቦ መምርሒ እዩ ፡፡ ኣብዛ መምርሒ ሌኒን ምስ ሃፍታም ገባር ምሕዝነት ክግበር ኣለዎ ኣይብልን ዝብል ብንፁር ዝተቐመጠ ሰለዘለዎ ንመለስን ካልኦት መራሕቲ ማሌሊትን ነዛ ነጥቢ ብዝገበርካ ጌርካ ሽፊጥካን ሽፋፊንካ ምሕላፍ መማረፂ ዘይብሉ ምርጫ ናይ ዓወትን ሞትን ሕቶ እያ ነይራ ፡፡ መለስ፣ ነቶም ግደይ ዝጠቕምዎ ጥቕስታት ጥራሕ ቆንፂሉ ብምውሳድ ነቲ መልእኽቲ ከሕልፍ ንኩሎም ዝጠቕስኩዎም ጥቕስታት ካብ ላዕልን ታሕትን ተወሰኽቲ ፓራግራፋት ይጠቅስ እዩ ፡፡ ነዛ ናይ ኩላክ ትምልከትውን ካብ ላዕልን ታሕትን ፓራግራፋት ወሲኹ ግደይ ነቲ ጥቕሲ ብጌጋ ኣቕሪቡዎ ኢሉ ከደናግር ፈቲኑ ፡፡ ኣብ ምንታይ ከምዘደናግር ኩልና ምእንቲ ክንምዝን እቲ ናይ እንግሊዘኛ ጥቕሲ ኣግፊሐ ኣቕሪበዮ ኣለኹ ፡፡

“But success in the struggle to win the peasant masses is impossible without a correct attitude to the different social strata in the village . And it is at this point

that we must deal , first of all with the question of the attitude to the Kulak , since it is in this respect that the Chinese comrades have permitted the most substantial errors .The question is not a new one for the Chinese party, it was examined at the sixth CCP congress. At that time , analyzing the relation of class forces in the country , the congress In speaking of the alliance of the proletariat with the entire peasantry singled out the kulak, who is playing , whether openly or implicitly , a partially counter –revolutionary role in the movement . The congress therefore came to the conclusion that the poor peasant was the proletariat's firm prop in the Village, and the middle peasant its powerful ally .

Why was it necessary to single out the kulak from among the peasantry as a whole this question is still not clearly understood by many Chinese comrades. Mechanically taking over the Leninist formulation of the attitudes of the working class to the peasantry in the bourgeois democratic stage of the revolution they continue to count the Chinese kulak among the allies of the proletariat.

"The Leninist formula does indeed remain valid for china too, but Lenin never proposed an alliance with the kulak . In no circumstances is an alliance with the kulak permissible . The slogan of "alliance with the kulak " advanced in a number of Chinese party documents does not follow by any means from the Leninist formula .

Agrarian overpopulation , the insecurity of land tenure of the great mass of the population permit the kulak , like the land lord , by imposing crushing rents and charging usurios interests to make great profits from his capital and his land . "And those Chinese comrades who put an opportunist interpretation on the Leninist formulation of the question of the alliance between the proletariat and the entire peasantry , without taking account of the Chinese kulak , are making a serious mistake condemning the party to an incorrect line on the question that is of the atmost importance for the Chinese party …"

Janes De Grasse 111

ናይዚ ጥቕሲ ቀጥታዊ ትርጉም ብትግርኛ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡፡

"ግን ትኽክለኛ ኣረኣእያ ናይ ደርብታት ኣሰላልፋ ኣብ ገፀር ከይሓዝካ ነቲ ገባር ናብ ጎንኻ ንምስሓብ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ክትዕወት ኣይትኽእልን ፡፡ እዚ ነጥቢ ኢና እውን ክንሪኦ ዘለና ብቕዳምነት ድማ ኣረኣእያና ኣብ ኩላክ ፤ ምኽንያቱ ናይ ቻይና ብፆት ብጣዕሚ ኣገዳሲ ዝኾነ ጌጋ ዝፈፀምዎ ኣብዚ ነጥቢ ስለዝኾነ ፡፡ እቲ ሕቶ ንናይ ቻይና ፓርቲ ሓዱሽ ኣይኮነን ፤ ኣብ 6ይ ጉባኤ ናይ ቻይና ኮሚዩኒስት ፓርቲ እዚ ነጥቢ ተራእዩ

ነይሩ ፡፡ ኣብቲ እዋን ኣብቲ ዓዲ ዘሎ ናይ ደርብታት ዝምድና ብምትንታን እቲ ጉባዔ ብዛዕባ ናይ ሽቃላይን ናይ ኩሎም ገባርን ዝምድና ክገልፅ ከሎ ኣብቲ ቃልሲ ብግልፂ ይኹን ብዘይግልፂ ብክፋል ፀረ ወያነ ግደ ዝፃወት ዘሎ ኩላክውን ጠቒሱ ገሊፁ እዩ ፡፡ እቲ ጉባኤ እቲ ድኻ ገባር ኣብ ገጠር ናይ ሽቃላይ ቀንዲ ደጋፊ እዩ እቲ ማእከላይ ገባር ሓያል መሓዝኡ እዩ ዝብል መደምደምታ በፂሑ ፡፡ ንምንታይ እዩ ነቲ ሃፍታም ገባር ካብ ኩሎም ገባራት ዝብል ፈሊኻ ምጥቃስ ኣድላይ ኮይኑዎ እዚ ሕቶ መብዛሕቲኦም ናይ ቻይና ብፆትና ክሳብ ሕዚውን ብንፁር ዝተረድእዎ ኣይኮነን ፡፡ ሽቃላይ ኣብ ገባር ኣብ እዋን ቡርዧ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ክህልዎ ዝግባእ ኣረኣእያ ዝገልፅ ናይ ሌኒን ፎርሙላ መካኒካዊ ብዝኾነ መንገዲ ብምውሳድ ናይ ቻይና ኩላክ ከም መሓዛ ናይ ሽቃላይ ገይሮም ይወስድዎ ኣለዉ ፡

ናይ ሌኒን ፎርሙላ ንቻይናውን ይሰርሕ እዩ ፤ ሌኒን ግና ምሕዝነት ምስ ኩላክ ኢሉ ሓሳብ ኣቕሪቡ ኣይፈልጥን ፡፡ ኣብ ማንም ኩነታት ምሕዝነት ምስ ኩላክ ኣይፍቀድን ፡፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዶክመንት ናይ ቻይና ፓርቲ ዝረአ ዘሎ “ምሕዝነት ምስ ኩላክ ”ዝብል ጭርሖ ብምንም መንገዲ ምስ ሌኒናዊ ፎርሙላ ኣይዛመድን ፡፡....

“ናይ መሬት ፅበትን ውሕስና ዘይብሉ ናይ መሬት ትሕዝቶን ናይቲ ሓፋሽ ገባር ልክዕ ከምቶም መሳፍንቲ ከቢድ ኪራይን ሓረፃን ኣብ ልዕሊ እቲ ድኻ ክወድቕ ብምግባር ዓቢይ ከስቢ ካብ መሬቱን ካፒታሉን ክረክብ ዕድል ይኸፍተሉ እዩ ፡፡...እቶም ፍሉይ ኩነታት ናይ ቻይና ኩላክ ኣብ ግምት ከየእተዉ ነቲ ምሕዝነት ናይ ሽቃላይን ናይ ኩሎም ገባራትን ዝምልከት ናይ ሌኒን ፎርሙላ ተበላፂ ትርጉም ዝህቡዎ ዘለዉ ናይ ቻይና ብፆት ብጣዐሚ ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነ ሕቶ ፤ ነቲ ፓርቲ ኣብ ጉጉይ ዝኾነ መስመር ክጥሕል ብምግባር ዓቢይ ጌጋ እዮም ዝፍፅሙ ዘለዉ ፡፡...

ኣነ ነታ ኣብ ማእኸል ዘላ ፓራግራፍ ብምውሳድ ሌኒን ምስ ኩላክ ምሕዝነት ይገብር ኣይብልን ንዝብል ቅዋመይ ደጊፈ ኣብቲ ፖሊሲ ኣቕሪበ ነይረ ፡፡ መለስ ንምድንጋር ክጥዕሞ እታ ቀዳመይትን ካልኣት ፓራግራፍ ወሲኹ ካብዛ ጥቕሲ ብምብጋስ መጀመርያ መለስ ነታ 'Single out ' ዝብል ናይ እንግሊዘኛ ቃላት ብምውሳድ ነታ ጥቕሲ ከምዚ ዝስዕብ ክገልፃ ፈቲኑ ፡-

“ምስ ኩሉ ገባር ምሕዝነት ዝብል ሌኒናዊ መምርሒ ምስ ኩሎም ቀፀላታት ናይ ገባር ምሕዝነት ምፍጣር ማለትዩ ፡፡ ሃፍታም ገባር ድማ ሓደ ቀፀላ ናይ ደርቢ ገባር ስለዝኾነ እቲ ምሕዝነት ንሃፍታም ገባርውን ዝሓውስ ምሕዝነት እዩ ፡፡ ካብዚ ተበጊስካ ምሕዝነት ምስ ሃፍታም ገባር ወይ ድኻ ገባር ወዘተ ኢልካ ምቕማጥ ጌጋን ነቲ መሰረተ ሓሳብ ሌኒንነት  ምፅራርን እዩ ፡፡ ንኣብነት ካብዚ ተበጊስካ ምሕዝነት ምስ ሃፍታም ገባር ዝብል ጭርሖ እንተውፂእኻ ምስ ሃፍታም ገባር ዘሎ ምሕዝነት  ከይትንከፍ ኢልካ ምስቶም ካልኦት ቀፀላታተት ዝህሉ ምሕዝነት ክሳዕ ምጉዳእ ክትከይድ ትኽእል ፡፡ ንኣብነት እቲ ሃፍታም ገባር ብገለ ኣጋጣሚ ካብቲ ወያነ እንተኸድዐ ነዚ ሃፍታም ገባር ክትጥብር ምሕዝነት ምስ ሃፍታም ገባር ዝብል ጭርሖ ክተገብር ነቲ ካልእ ብግቡእ ከየለዓዓልካ ክትተርፍ ትኽእል ፡፡...ሰረዝ ናተይ

ተገንዘቡለይ ክሳብ ክንደይ ዘሕፍር ኣቀራርባ ምዃኑ /መለስ ቁም ነገር ዘለዎ ዘረባ ኣይኮነን ዝዛረብ ዘሎ ፡፡ ናይ ኣዘራረርባኻ ፎርም  ነቲ ትሕዝቶ ይቕይሮ እዩ ይብል ኣሎ ፡፡ ገረንችኤል፣ ወሉ  መብራት ሰለስቴኹም ኣዕርኹተይ ኢኹም ምባልን ካብ ገረንችኤል ዓርከይ ኢኻ ወሉ ዓርከይ ኢኻ መብራት ዓርከይ ኢኻ ምባልን ዝተፈለየ ትርጉም ይህብ እዩ ይብል ኣሎ ፤ እሞ ናይ ዓይነት አፈላላይ ዘምፅእ /ኩሎም ገባራት መሓዛ እዮም እንተኢልካ መን እዮም እቶም “ኩሎም ገባር ” ዝበሃሉ ንዝብልውን ክትምልስ ኣለካ ፡፡እንተዘየለ ኩሎም ዝብል ምንም ዝገልፆ ነገር የለን ማለት እዩ ፡፡ ማሌሊትውን በዚ መሰረት ኩሎም ገባራት ዝበሃሉ ድኻ

፣ማእኸላይ፣ሃፍታም ገባራት እዮም ትብል፡፡ ኩሎም ገባራት መሓዛ ናይ ሽቃላይ እዮም ኢላ ስለትብገስ ድማ ብንፅል ክትዛረብ ከላውን ሃፍታም ገባር መሓዛ ናይ ሽቃላይ እዩ ትብል ፡፡ ከምኡ ዘይትብል እንተትነብር ድማ ኣብዚ ኩሉ ክትዕ ኣይምኣተናን ፡፡

መለስ እንድሕር ደኣ ሃፍታም ገባር መሓዛ እዩ ዝብል ፀሪሕና “ብገለ ኣጋጣሚ // ማርክስ -ሌኒንነት ዘይፈልጦ ኣጋጣሚ ማለትዩ ዝገርም // እቲ ሃፍታም ገባር እንተኸዲዑ ነቲ ካልእ ከየለዓዓልካ ክትተርፍ ትኽእል ይብል ፡፤ ኩሎም ገባራት እንተይልካ ሃፍታም ገባር ክኸድዕ ከሎ ፈሊጥካ ትኽክለኛ ስጉምቲ ክትወስድ ትኽእል ፡፡ ሃፍታም ገባር መሓዛ እዩ ኢልካ እንተነይርካ ግን ክኸድዕ ከሎ ኣይትፈልጥን ትኽክለኛ ስጉምቲውን ክትወስድ ኣይትኽእልን ማለትዩ ብናይ መለስ ኣዛራረርባ ፡፡ ከምዚ ዓይነት ኣስማት /ማጂክ / ፀላእትኻን ፈተውትኻን ትንፀለሉ ማሌሊት ከመይ ኢሉ ተኸሲቱላ ?

ፅንሕ ኢሉ ኣብቲ ዘረብኡ መለስ 3ይ ዓለምለኸ ዝነቕፎም ዘሎ ምሕዝነት ምስ ገባር ዝብል ጭርሖ ከም <u>ማእኸል</u> ናይ ጭርሕኦም ገይሮም ስለዝወሰድዎ ፡፡...እዩ ይብል ፡፡ ኣብታ ጥቕሲ ከምዚ ዝብል ነገር የለን ፡፡ እንዲያውም እታ ደብዳበ ትሕብሮ ናይ ቻይና ኮሚዩኒስት ፓርቲ ነቶም ናይ ገባር ቀፀላታተት ብምጥቃስ እቲ ቀንዲ ደጋፊ ናይ ሽቃላይ (The Prolitariate firm Prop ) እቲ ድኻ ገባር ምኳኑ እቲ ማእኸላይ ገባር ድማ ሓያል <u>መሓዝኡ</u> (It's Powerfull ally ) ምኳኑ ኣነፂሩ ከምዘቐመጠ ትገልፅ እያ ፡፡ እታ ደብዳበ ብንፁር ትነቕፎ ዘላ ናይ ቻይና ኮሚዩኒስት ፓርቲ ነቲ ኩላክ <u>ካብቶም ፈተውቱ</u> <u>ሓደ ገይሩ</u> ምውሳድ እዩ ፡፡ ከምቲ ማሌሊት ሃፍታም ገባር <u>እንኮላይ</u> መሓዛይ እዩ ትብሎ ኣዘራርባ እዩ 3ይ ዓለምለኸ ዝነቕፎ ዘሎ ፡፡ እምበር ከምቲ መለስ ዝብሎ ዘሎ ነቶም ካልኦት ቀፀላታተት ከይፀራሕኩም ንሃፍታም ገባር ጥራሕ ስለዝፀራሕኩም እዩ እቲ ጌጋ ኣይበለን ፡፡ ማሌሊት ቃላት ብምድንጋር መልክዓ ክትሓብእ እንተበለትውን ዝሕባእ ኣይኮነን ፡፡ ናይ ቻይና ኮሚዩኒስት ፓርቲ ከምቲ ናይ ማሌሊት ቅዋም ሃብታም ገባር መሓዛ ናይቲ ወያነ እዩ ዝብል ኣረኣእያ ስለዝነበሮ ኣብ መንጎ ሃፍታም ገባርን ድኻ ገባርን እቲ ጎንፂ ከሪሩ ከሎ ኣብ ክንዲ ነቲ ድኻ ገባር ዝጠቅም ስጉምቲ ዝወስዱ ከምቲ ሕዚ ማሌሊት ትብሎ ዘላ “ሃብታም ገባር ”መሓዛና እዩ ክይንብል እቲ ጎንፂ <u>ብሽምግልና</u> ነደቅሶ ይብሉ ስለዝነበሩ እዩ 3ይ ዓለምለኸ ዝነቕፎም ዘሎ ፡፡/ነዚ ዝምልከት ቅዋም ማሌሊት ገፅ 1 ናይዚ ፅሑፍ ዘላ ተመልከት / ፡፡

መለስ 3ይ ዓለምለኸ ኣንፃር ኩላክውን ተቃለሱ እንዳበለ ከሎ መሬቶም ግን ኣይተሕድግዎም ዝብል መምርሒ ሂቡ ክንድቲ ንሕና ማሌሊት ዝወሰድናዮ ናይ ማዕረ መሬት መቐሎ እኳ ኣይከደን ይብል ፡፡ እዛ ነጥቢ መለስ ትድግፎ መሲልዎ እዩ ኣቕሪብዋ ፡፡ ካብ ማዕረ መሬት መቀሎ ንታሕቲ ዝውሰድ ስጉምቲታት ነቲ ሃፍታም ገባር ካብ ምሕዝነት ዘርሕቕ እንተኾይኑ ማዕረ መቐሎ ኣብ ነካይደሉ እዋን እቲ ሃፍታም ገባር ኣፀቢቑ ክርሕቐና እዩ ማለትዩ ፡፡እቲ ሒዝካዮ ዘለኻ ሞጎት እንተተተኸቲልናዮውን ኣብ ቻይና ካብ ማዕረ መሬት መቐሎ ንታሕቲ ዝተወሰደ ስጉምቲ ነቲ ኩላ መሓዛና ክገብሮ ኣይከኣልን ናይ ማዕረ መሬት መቐሎ እንተወሲድና ድማ ካባና ኣፀቢቑ ክርሕቕ እዩ ናብ ዝብል ኢና ክንበፅሕ ንኽእል ፡፤ ኣይኮነን ድዩ መለስ ? ኣይ /እንድሕርዝተረረ ስጉምቲ ወሲድና ብዝበለፀ መሓዛና እዩ ዝኸውን ፡፡እዚ እዩ ማሌሊታዊ ሎጂክ /

መለስ እዛ ሒዝዋ ዘሎ ሞገት ድኽምቲ ምኳና ይርድእ እዩ ፡፡ስለዝኾነ ድማ ፅንሕ ኢሉ ኣብታ ቀዳመይቲ ፓራግራፍ ናይቲ ጥቕሲ ዘላ 'መካኒካሊ '/Mechanicali / ትብል ቃል ብምውሳድ ነታ ጥቕሲ ክገልፃ ፈቲኑ ፡፡ ነዛ ቃል ብምውሳድ 3ይ ዓለምለኸ ንኮሚዩኒስት ፓርቲ ቻይና ዝነቅፎም ዘሎ እቲ ሌኒን ናይ ሩስያ ኩነታት ኣዛሚዱ ምሕዝነት ምስ ኩሎም ገባራት ኢሉ ዘቐመጦ ፎርሙላ ናይ ቻይና ፍሉይ ኩነታት ኣብ ግምት

ከየእተወ መካኒካሊ ብምውሳድ ከተግብርዎ ምፍታኖም እዩ ፡፡ መካኒካል ማለት ድማ ምስ ኩነታትካ ከየዛመድካ ዝተቐመጡ ፎርሙላታት ምጥቃም ማለት እዩ ኢሉ መለስ ገሊፁ ፡፡

እታ ናይ 3ይ ዓለምለኸ ጥቕሲ እታ መለስ ኢሉዋ ዘሎ ዓረፍተ ነገር ጥራሕ ተዛሪባ ስቕ ኢላ እንተትኸውን እቲ መለስ ዝህቦ ዘሎ ትርጉምውን ክኸውን ይኽእል ንምባል ምተኽኣለ ነይሩ ፡፡ እታ ጥቕሲ ግና ኣብኡ ጠጠው ኣይበለትን ፡፡ ኣብታ ትሕቲኣ ዘላ ፓራግራፍ ብዝተረረገ ምድንጋር ብዘይብሉን "ሌኒን ምሕዝነት ምስ ኩላክ ኢሉ ሓሳቡ ኣቕሪቡ ኣይፈልጥን"፣ <u>ኣብ ማንም ኩነታት</u> ምሕዝነት ምስ ኩላክ ኣይፍቀድን ብዝብል ኣነፂራ ኣቐሚጣ ኣላ ፡፡ መለስ ንላዕሊ እንተደየበ ንታሕቲ እንተወረደ ናይ 3ይ ዓለምለኸ ቅዋም እዚኣ እያ ፡፡ ሌኒን ምስ ኩላክ ምሕዝነት ኢሉ ኣይፈልጥን ኣብ ማንም ኩነታት /ዋላ ኣብ ሩስያ ኩነታትውን /ምሕዝነት ምስ ኩላክ ኣይፍቀድን ክብዚ ዝተረረገ ዝነፀረን መግለፂ እንታይ ኣሎ ? ንናይ 3ይ ዓምለኸ ቅዋም ካብታ ኣብቲ ጥቕሲ ተገሊፃ ዘላ በዝተፈላላለየ መንገዲ ንምግላፅ ምፍታን ከም መለስ ንምድንጋርን ምሽፋጥን ምፍታን እዩ ፡፡

ማንም ኢንግሊዘኛ ዝፈልጥ ነታ ጥቕሲ ናይ 3ይ ዓለምለኸ ብምንባብ ንናይ መለስ መግለፂ ከምዝነፀጎ ዘካትዕ ኣይኮነን እንተገደደ ድማ ኣይነፀረለይን ኢሉ እዩ ክሓትልፉ ዝኽእል ፡፡ ኣብ ዓዲ ዕዉራትስ ሓደ ዓይኑ ንጉስ ከምዝበሃል መለስ ተዓፃፂፉላ ተባሂሉ እዩ ኣብቲ ኣኼባ ደገፍ ረኺቡ ፡፡ እታ ምትዕፅፃፍ ካብቲ ናይ ፓነል በዓቲ ኣይትወፅእን ተባሂሉ'ዶ ይኾን ? እምበር እዛ ኣሻጥር ንፋስ ክወቕዓ እንተተገይሩ ተበቲና ከምትተርፍ ዘካትዕ ኣይኮነን ፡፡

ካልእ መለስ መካኒካል ዝብል ቃል ክትርጉም ከሎ ኣብ ሓደ ቦታን ኩነታትን ዝተጠቐምካሉ ኣብ ካሊእ ቦታ ነቲ ፍሉይ ኩነታት ኣብ ግምት ከየእተኻ ክተተግብሮ ምፍታን ማለት ምዃኑ ገሊፁ ፤ እዚ ማለት ጥራሕ ግን ኣይኮነን ፡፡ ንሓደ ነገር ላዕለዋይ ትርጉሙ ጥራሕ ወሲድካ ውሽጣዊ መልእኽቱ ዘይምርዳእ ማለት እውን እዩ ፡፤ንኣብነት ግደይ "ምስኪን መለስ ማርክስነት ምፅጋዕ ኣብይዎ " እንተይሉ ሓደ ሰብ ካብታ "ምስኪን "ትብል ቃል ተበጊሱ መለስ ማርክስነት ከፅንዕ እንዳደለየ ከሎ ኣይተሓዝን ስለዝበሎ ግደይ ይሓዝነሉ /ይጭንቀሉ እዩ ክብል ይኽእል ፡፡ግደይ ግን ከምዚኣ ማለቱ ኣይኮነን መለስ ፀረ -ማርክስነት እዩ ንምባል እዩ ዝጥቀመላ ዘሎ ፡፡

ኣብታ ናይ 3ይ ዓለምለኸ ጥቕሲውን ናይ ቻይና ፓርቲ ምሕዝነት ምስ ኩሎም ገባራት ዝብል ናይ ሌኒን ፎርሙላ መካኒካሊ ተጠቒሙላ ክብል ከሎ እቲ ፎርሙላ ዘሕልፎ መልእኽቲ ከይተረደአ ቀጥታዊ ኣቀራርባ ናይቲ ፎርሙላ ብምውሳዶም እዮም ተጋጊዮም እዩ ዝብል ዘሎ፡፡

መንበብቲ ነቲ ነገር ብዝሓሸ ክከታተልዎን "ምሕዝነት ምስ ኩሎም ገባራት ዝብል ኣጠቓቕማ ናይ ሌኒን እንታይ ማለቱ ምዃኑ ምግላፅ ከድሊ እዩ ፡፡ መለስ ኣብቲ ፓነል ኩላክ መሓዛ ናይ ሽቃላይ እዩ ዝብል መረዳእታ ከቕርብ'ኳ እንተዘይከኣለ ኣነ ካብ ዘንበብኩዎ እዚ ዝስዕብ ከቕርበሉ ፡-

"እቲ ናይ ገፀር ድኻ ናይ መጀመርያ ስጉምቲ ምስ ኩሎም ገባራት ኮይኑ ክወስድ እዩ ፡፡ ውሑዳት ኩላክ ምናልባት ሓደ ካብ ሚእቲ ዝኾነ ዓይነት ለውጢ ኣብቲ ስርዓት ዘይደልዩ ዘድሐርሕሩ ክህልዉ ይኽእሉ ፡፡ እቲ ዝበዝሕ ገባር ግን ከም ሓደ ኣካል ኮይኑ ክስጉም'ዩ ፤ ኩሎም ገባራት ማዕረ መሰል ይደልዩ እዮም ፡፡..."5

ካብ "Rural poor " ትብል ብ1903 ብሌኒን ዝተፅሓፈት ዝተወሰደ ፡፡

እዚ ጥቕሲ ሌኒን ብ1903 ዝተዛረቦ ኮይኑ ኩላክ መሓዛ ምዃኑ ኣንፃር መሰፍንነት ተሪሩ ክቃለስ ከምዝኽእል እዩ ዝሕብረና ዘሎ ፡፡

ሌኒን ከምዚ ክብል ከሎ ኣብቲ እዋን (1903) ዝነበረ ፕሮግራም ንመስፍንነት ብሙሉእ ዝወቅዕ ኣይነበረን ፡፡ መሬት ብዝምልከት ካብ መሳፍንቲ ክሕደግ ዝብልዎ እቲ ካብ ናይ ገባራት ብመሳፍንቲ ዝተወሰደ ቁራስ መሬት /Cut off lands / ዝበሃል መውዓለሊ ከፍትን በረኻታትን እምበር ንኹሉ መሬት ናይ መሳፍንቲ ኣይነበረን ፡፡ መሬት ክህገር ኣለዎ ዝብል ኣረኣእያ ኣይነበሮምን ፡፡ ሽዑ ዝነበሮም ፕሮግራም ጭገናዊ ለውጢ ዘምፅእ ጥራሕ እዩ ነይሩ ፡፡ እዚ ፕሮግራም ጉጉይ ምንባሩ ደሓር ሌኒን ብ1907 ዓ.ም ነቒፍዎ እዩ ፡፡ ስለዚ ኣብቲ እዋን /1907 / ብዝነበሮ ኣረኣእያ ሌኒን ኩላክውን መሓዛ እዩ ምባሉ ዝገርም ነገር ኣይኮነን ፡፡ ድሕሪ 1905 ዓ.ም ናይ ደርብታት ኣሰላልፋ ኣብ 3ይ ጉባኤ ናይ ቦልሼቪክስ ምንፃርን ብፍላይ ድማ ድሕሪ ናይ ስቶሊጂን ናይ መሬት ጭገናዊ ለውጢ ሌኒን ኩላክ መሓዛ እዩ ዝበለሉ ኣብነት ክጥቀስ ኣይከኣልን ፡፡ እንዲያውም ናይ ስቶሊጂን ለውጢ ነቲ ኩላክ ኣብ ጎኒ መሰፍንንነት ክሰለፍ ዝግብሮ ምዃኑ ብተደጋጋሚ ይግለፅ እዩ ፡፡ ናይ ስቶሊጂን ለውጢ እናተብሃለ ዝፅዋዕ ዝነበረ ናይ መሬት ኣዋጅ ቅድሚ ፓርላማ ምፅዳቑ ነቲ ሌኒን ብካዴትስ ዝቐርብ ዝነበረ ገባር ካሕሳ እንዳኸፈለ መሬት ካብ መሳፍንቲ ክወስድ መንግስቲውን ናይ ገንዘብ ልቓሕ ክሕግዞ ፣ እቲ ገባር መሬቱ ክሸይጥ ክልውጥ ናብ ደስ ዝበሎ ክኸይድውን ክፍቀደሉ ዝብሉ ሓሳባት ብምቅዋም ካብ ዝፀሓፎ ፤ ከምዚ ዓይነት ለውጢ ዘምፀኦ ሳዕቤናት ክገልፅ ከሎ ካብ ዘቕረቦም እዚ ዝስዕብ ክንርኢ ንኽእል ፡፡

"...ስለዚ ናይ ካሕሳ ክፊልካ መሬት ምርካብ ፕላን ነቲ ሃፍታም ገባር ብኪሳራ ናይቲ ድኻ ክጠናኸር ዝገብር እዩ ፡፡ እዚ ነቲ ሓድነት ናይ ገባራት ኣፍሪሱ ነቲ ሙሉእ ነፃነት ንመሬት ዝግበር ቃልሲ የዳኽሞ እዩ ፡፡ ናይ ካሕሳ ምኽፋል ፕላን ነቲ ሃፍታም ገባር ካብ ናይ ነፃነት ቃልሲ ክኸድዕን ናብ ጎኒ እቶም ናይ ቀደም ገዛእቲ ክስለፍን ንምግባር ዝተዳለወ መፃወዲያ እዩ ፡፡ ..."6

ካብ "The land question and the fight for freedom "ጉንበት 19 1906 ብሌኒን ዝተፅሓፈ

ብድሕሪ እዚ 1907 ዓ.ም ናይ ስቶሊጂን ለውጢ ኣብ ግብሪ ስለዝውዓለ እቲ ሃፍታም ገባር ተጠቃሚ ምንባሩ ኣብ መንጎ እቲ ሃፍታም ገባር ተጠቃሚ ምንባሩ ኣብ መንጎ ድኻ ገባርን ሃፍታም ገባርን ዘሎ ጎንፂ እንዳተባለሐ ዝኸይድ ምንባሩ ፣ ሃፍታም ገባር ናይ ካዴትስ ፕሮግራም ዝድግፍን ዝፈትዎን ምዃኑ እዩ ፡፡ ብተደጋጋሚ ዝገለፅ እምበር ሃፍታም ገባር መሓዛ ናይ ሽቃላይ እዩ ኣይብልን ፡፡

ነዚ ኣበሃህላ ሌኒን ከመይ ከምዝገልፆ ንኣብነት ዝኣክል ሓንቲ ጥቕሲ ከቕርብ እየ ፡-

"...ናይ ስቶሊጂን 'ዓወት' ኣብዚ ቐረባ ዓማውቲ እንተኸደ ፀሪ ወያነ ዝኾነ ናይ ኦክቶቨሪስት ተኸታሊ ዝኾነ ጥቕሙ ዝፈልጥ ደርቢ ገባር እዩ ክፈጥር ዝኽእል ፤ ይኹንምበር እዚ ናይ ውሑዳት ሃፍታም ገባር ናብ ብፖለቲካ ዝነቕሐን ዝሓረነን ሓይሊን ምቕያር ነቲ ድኻ ገባርውን ፖለቲካዊ ንቕሓቱን ሓድነቱን ኣንፃር እዞም ውሑዳት ንከማዕብል ዓብይ ድፍኢት ክኾና እዩ ፡፡ ንሕና ሶሻል ዲሞክራሲያውያን ድማ እቲ ኣብ መንጎ እዞም 'ነብሰ በላ 'መዝመዝትን እቲ ሓፊሽን ዘሎ ጎንፂ ኣብ ክንዲ ብሃንደበትን ዘይጥርንፉን ዘይብስለትን ኣገባብ ዝካየድ በቢዕለት ኣብ መንጎ ደርቦም ዝነበሩ ዘነፀሩ ኦክቶቨሪስትን ቱሩዶቪክን ክኸውን ካብ ምድላይ ካልእ እኒምነዮ የለን ፡፡

እዚ ሌኒን ናይ ሩስያ ኩነታት ከግምግሞ ከሎ ብ1908 ዓ.ም ዝፀሓፎ እዩ፡፡ ሌኒን ናይ ስቶሊንን ለውጢ ንሃፍታም ገባራት ከምዝጠቅም ፡፡ እዞም ሃፍታም ገባራት /አክቶቨሪስት ፒዛንትስ / ድማ ደርባዊ ጥቕሞም ነፂሮም ፀረ ወያነ ከምዝኾኑ እቲ ከይዲ ግና ነቲ ሓፋሽ ገባር ክንቅሕን ከውድብን ሓይሉ ኣተሓባቢሩ ኣንፃር እዞም 'ነብሰ በላ 'ሃፍታም ገባራት ክቃለስ ክገብሮ ምዃኑን እዩ ዝገልፅ ዘሎ ፡፡ ኦክቶቨሪሰት ዝበሃሉ ናይ መሳፍንቲ ውድብ እዩ ፡፡ ቱሩዶቪክስ ድማ ናይ ገባር ፓርቲ እዩ ፡፡ ናይ ሩስያ ታሪኽ ንዝፈልጦ ድማ እዛ ናይ ሃፍታም ገባራት ምጥንኻር እቲ ምስ ድኻ ገባር ዘሎ ጎንፂ ምብላሕን ክሳብ 1912 ዓ.ም ተጠናቒቑ ነይሩ ፡፡ ከምዚ ዓይነት ገምጋም ዝገበረን ከይዲ ናይቲ ጎንፂ ዝፈልጥን ሌኒን ብ1918 ዓ.ም 'ኩሎም ገባር 'ዝብል ቃል ስለዝተጠቐመ ሃፍታም ገባር መሓዛ እዩ ኢሉ ኢልካ ምቕማጥ ዓቢይ ምድንጋር እዩ ፡፡

ከምዚ እንዳሃለወ እዩ ሌኒን ኣብ እዋን ዲሞክራሲያዊ ወያነ ምስ ኩሎም ገባራት ኮይንካ ኣንፃር መሰፍንነት ኣብ ዴሳዊ ወያነ ድማ ምስ ድኻ ገባራት ኮንካ ኣንፃር ቡርዧን ኩላክን ትቃለስ ዝብል ፡፡ ከም ኣብነት ብ1918 ዓ.ም ንክዳዕ ኮትስኪ ኣብ ምቅላዕ ዝፀሓፎ ንመልከት ፡-

“ነገራት ከምቲ ቅድም ኢልና ከኸውን ኣለዎ ዝበልናዮ ከምቲ (ብ1905 ዓ.ም ዝበልናዮ ማለትዩ ...ናተይ ) ፡ ኣገባብ ....፡፡ እቲ ከይዲ ናይ ወያነ ትኽክለኛነት ናይቶም ዝወሰድናዮም ትንተናታት ኣረጋጊፁ ፡፡ መጀመርያ ምስ 'ኩሎም ገባር 'ገባራት ኣንፃር ዘውዳዊ ኣገዛዝኣ ኣንፃር መሬት ወነንቲ ኣንፃር መስፍንነት እዚ ክሳብ ዝኾነ ድማ እቲ ወያነ ቡርዧ ዲሞክራሲያዊ እዩ ፡፡ ብድሕሪኡ ምስ ድኻ ገባራት ሓውሲ ሽቃሎን ኩሎም ምዝሙዛትን፣ ኣንፃር ርእሰማልነት ከምኡውን ኣንፃር ናይ ገፀር ሃፍታም ኩላክ ሃፍታም ነጋዶ፣ እዚ ክሳብ ዝኾነ ድማ እቲ ወያነ ዴሳዊ ይኸውን ፡፡ ኣብ መንጎ እቲ ቀዳማይን ካልኣይን ወያነታት ቻይና መካበብያ ሰሪሕካ ንምሕፃር ምፍታን ብዘይካ ብናይቲ ሽቃላይ ደረጃ ምድላውን ደረጃ ሕብረቱን ምስ ድኻታት ገባራትን ንክልቲኦም ብካልእ ንምፍላይ ምፍታን ንማርክሰነት ብዝኸፍአ ኣገባብ ምዝንባዕን ምርኻስን ብሊበራልነት ምትካእን እዩ ፡፡ ”[7] ምሩፅ ፅሑፍ ሌኒን ቅፅ 3 ገፅ 75

ሌኒን ኣብዚ ምስ “ኩሎም” ገባራት ክብል ከሎ እቲ መድረኽ ዲሞክራሲያዊ ምዃኑ ሃፍታም ገባር ዘይውቃዕ ምዃኑ ንምሕባር እዩ ዝጥቀመሉ ዘሎ ፡፡ ሌኒን ኣብዚ ጥቕሲ ዝገልፆ ዘሎ ሓሳብ ኣብ መንጎ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ዴሳዊ ወያነን ዘሎ ዶብ ንምግላፅ ኣብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ሃፍታም ገባር ዘይውቃዕ ኣብ ዴሳዊ ወያነ ሃፍታም ገባር ዝውቃዕ ምዃኑ ዝሕብር እምበር ሃፍታም ገባር ኣብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ስትራተጂካዊ መሓዛ እዩ ንምባል ኣይኮነን ፡፡ ስትራተጂካዊ መሓዛ እንተዘይኮይኑ ፀላኢ እዩ ይውቃዕ ዝብል ማሌሊታዊ ኣረኣእያ ጉጉይ ምዃኑ ጥራሕ ኢና ካብዚ ንርዳእ ፡፡ ሌኒን መሬት ተሃጊሩ ንገባራት ክከፋፈል ብምግባር ዴሳዊ ወያነ ነካይድ ኣለና ዝብል ናይ ሶሻሊስት ሪቮሉሽናሪስ ፓርቲ ጉጉይ እምነትን ኣብ ዘይእዋኑ ዴሳዊ ወያነ ነካይድ ኣለና ዝብል ተቓውሞ ናይ መንሼቪክን ካልኦት ብምፅራር ኣብ መንጎ ዲሞክራሲያዊን ዴሳዊን ወያነታት ዘሎ ዶብ ንምንፃር ዝዛረቦ እዩ ፡፡ እቶም ዘነፀሮም ዘሎ ሓሳባት ድማ ፡-

1) ኣብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ዋላ ናይ መሬት ምህጋር ስጉምቲ እንተተወሰደ ሃፍታም ገባር ኣይውቃዕን፡፡ እቲ መድረኽ ብመሰረታዊ ፕሮግራሙ ብሕታዊ ዋንነት ናይ ሃፍታም ገባር ዘይፃረር ምዃኑ
2) ካብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ብቐጥታ ናብ ዴሳዊ ወያነ ምስግጋር ከምዝከኣል ፡፡ ነዚ ሽግግር ዝውስኖ ናይቲ ድኻ ገባር ምንቃሕን ካብቲ ፅልዋ ናይ ሃፍታም ገባር ምልቓቑን ኣብ ከተማ ድማ እቲ ሽቃላይ

ነቒሑ ምቅላሱን እምበር ንዲሞክራሲያዊ ወያነ ዴሳዊ ወያነን ዝፈልዮ መንደቕ ከምዘየለ እዩ ዝሕብረና ፡፡

ካልእ ኣብዛ ዝጠቐስናያ ፅሕፍቲ እንተሪእና እታ "ኲሎም" ትብል ኣብ ጥቕሲ ምልክት እዩ ዘእትዋ ፡፡ እዚ ድማ እታ ቃል ብቐጥታዊ ትርጉማ ክትውሰድ ከምዘይብላ ኣብ ውሽጢ እቶም ገባራት ጎንፂ ከምዘሎ ዝሕብር እዩ ፡፡

መለስ ነቲ ናይ ሳልሳይ ዓለም ለኸ ቅዋም ኣጣሚሙ ካብ ምቕራብ ብቐጥታ እቲ ቅዋም ጌጋ እዩ ኢሉ ከም ምሞገተ ምሓሸ ነይሩ፡፡ ከምኡ ክብል ግና ኣይደፈረን ፡፡ ዋላ እቲ ዝተጣመመ ትርጉም ናይ መለስ እንተንኽተልውን ኲላክ ስትራተጂካዊ መሓዛ እዩ ናብ ዝብል ሓፈሻዊ ፎርሙላ ኣይንበፅሕን ፡፡ ከምቲ ናይ መለስ ኣበሃህላ ሌኒን ንናይ ሩስያ ኩነታት ዘቐመጦ ፎርሙላ ኣብ ቻይና ከምዘላታ ምጥቃም እዩ እቲ ጌጋ ዝብል ዘሎ ፡፡ ኣብ ቻይና ዘሎ ኲላክ ስትራተጂካዊ መሓዛ ኣይኮነን እዩ ዝብል ዘሎ ፡፡

ናይ ሩስያ ኲላክን ናይ ቻይና ኲላክን ነቲ ድኻ ገባርን ሸቃላይን ብምምዝማዝ መሰረታዊ ተፈጥርኦም ሓደ እዮም ፡፡ ኣብ ክልቲኡ ዘለዉ ኲላካት ነቲ ድኻ ገባር መሬት የፅብቡሉ ከቢድ ናይ መሬት ኪራይን ሃረፃን የኽፍልዎ ፡፡ ካብዚ ዝምድናታት ዝነቅል ጎንፂ ኣብ ሓዲኦም ዓዲ ቀዲሙ ከባላሕ ይኽእል ፡፡ አፈላላዩ እዚ ጥራሕ እዩ ፡፡ እቲ ጎንፂ ዲሞክራሲዊ ወያነ ኣብ ተካይደሉ መድረኽ ከባላሕ ይኽእል ፡፡ ከምቲ መለስ ኣብ ናይ ቻይና ነይሩ ኢሉ ዝኣምነሉ ኣብ ከምዚ ዓይነተት ኩነታት ድማ እቲ ሸቃላይ ገባርን ብሕታዊ ዋንነትን ዘጥፍእ ስጉምቲ ኣይውሰድ እምበር ናይ ሃፍታም ረብሓ ዝጎደእ ስጉምቲ ግን ክወሰድ እዩ፡፡ እዚ ድማ ነቲ ሃፍታም ገባር ናብ መንጎኛ ምኺን ወይ ፀላኢ ናብ ምኺን ብርኪ የውርዶ ፡፡ ስለዚ ከከም ዓዱ ዘሎ ኩነታት ኣብቲ ሃፍታም ገባር መርገፂ ክወሰድ ይከኣል ማለት እዩ ፡፡ እዚ ማልት ድማ "ሃፍታም ገባር መሓዛ እዩ " ዝብል ኣድማሳዊ ሕጊ የለን ማለት እዩ ፡፡ ብፍላይ ኣብዚ ዘለናሉ መዋእል ብምኽንያት ሃፀያውያን ናይ ኲላካት ካፒታል እቲ ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ዘሎ ናይ ገፀር ኢኮኖሚ ተፈጥሮኣዊ ከይዱ ተሰይሩ ኲላካትን ሃፍታም ነጋዶን እውን ነቲ ድኻ ገባር ብገፊሑ ዝምዝምዘሉ ኩነታት እዩ ዘሎ፡፡ ኣብ መብዘሕቲኣን ዘይማዕበላ ሃገራት ናይ መሬት ፅበት ዓብይ እዩ ፡፡ ኣብ ርእሲኡ ብደረጃ ዓለም ዝረአ ቅልውላው ሳዕቤኑ ኣብተን ዘይማዕበላ ሃገራት ዝርከብ ድኻ ገባርውን ዓብይ እዩ ፡፡ ምኽንያቱ ኣብዚ መዋእል ናይቲ ገባር ኢኮኖሚ ምስ ሃፀያዊ ኢኮኖሚ ዝተኣሳሰረ ስለዝኾነ እዚ ኩሉ ተዳማሚሩ እቲ ናይ ገፀር ሸቃላይን ድኻ ገባርን ምስ ኲላክ ስትራተጂካዊ መሓዛ ናይ ዲሞክራሲዊ ወያነ ዘይኮነስ ምስ ፀላእቲ ናይቲ ወያነ ወጊኑ ፀረ ወያነ እንተገደደ ድማ መንጎኛ ዝኾነሉ መዋእል እዩ ፡፡ ኲላክ ናይ መሬት ለውጢ ብጭገናዊ መንገዲ እምበር ብወያናይ መንገዲ ክኸይድ ኣይደልን ደርባዊ ቦትኡ ኣይፈቕደሉን ፡፡

ማሌሊት እዚ ዝተጠቐሰ ሓቂ ከወሓጠላ እንተዘይኪኢሉ ካብቲ ባዕላ መመዘኒ ተበጊስና ናይ ትግራይ ኲላክ መሓዛ እዩ ክትብሊ ከለኺ ነቲ ናይ ሌኒን ፎርሙላ መካኒካል ተጠቒምክሉ'ዶ ትኾኒ? ኢልና ክንሓትት ክንግደድ ኢና ፡፡ ብፍላይ ድማ ሕዚ መስፍንነት ተወቒዑ እቲ ጎንፂ ኣብ መንጎ ድኻ ገባርን ሸቃላይን ብሓደ ወገን እቲ ሃፍታም ገባር ድማ በቲ ኻሊእ ኣብ ዝነሀሉ እዋን ሕቶና ዝበለፀ ኣገዳሲ ይኸውን ፡፡ ኣብ ሩስያ ይኹን ኣብ ቻይና ኲላክ ኣብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ኣይተወቕዐን ፡፡ ናይቲ ወያነ ስትራተጂካዊ መሓዛ ኮይኑ ምስ ሸቃላይን ገባርን ገይሩ ንመስፍንነት ተሪሩ ዝወቕዐሉ ታሪኻዊ ኣብነታት እንተሊዩ ማሌሊት ክተቕርበልና እንንተኺኢላ ምተምሃርናሉ ፡፡ ብዝተረፈ ኣብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ንኲላክ ስትራተጂካዊ መሓዛ ኣይኮነን ፀላኢ እዩ ንውቃዓዮ ዴሳዊ ወያነ ነካይድ ማለት እዩ ዝብል ነበረያ ነበረ ምግፋሕ ትርጉም ዘይብሉ እዩ ፡፡

ኣብ መወዳእታ ናይቲ ፓነል መለስ ብዛዕባ ናተይ ገምጋም ኣቕሪቡ፡፡ ክልተ ሓሳባት ኣባላት ፖሊት ቢሮውን ተወሳኺ ሂቦም ፡፡ ዕላማ ናይቲ ፓነልውን ነዚ ገምጋም ንምክያድ ምኳኑ ብሩህ እዩ ነይሩ ፡፡ መለስ ነዚ ገምጋም ዝሃቦ ኣርእስቲ "ኩላ ብሽሙ ይፀዋዕ " ዝብል እዩ ፡፡ ካብን ዘቐመጠን ገምጋማት ገሊኦን ብሓፂሩ ከምዚ ይብላ ፡

1) ግደይ ጌግኡ ኣይኣምንን ፤ ጉባኤተኛ ብሙሉእ ዝረኣይዎ ዝክሕድ ፤ ኣብ 1ይ ኮንፈረንስ ሪጅን ፤ ቪድዮ ንድሕሪት መሊስና ክነመሳኽር ተገዲድና ኢና ፡፡

ሕዚ ድማ ብግልፂ ፓሪስ ኮሚዩን ናይ ሽቃላይ ወያነ ...ምኳኑ መረዳእታ ጥቕሲ ቀሪቡሉ ኣይቕበልን ከምዝበለ ሪእኹም ኢኹም ፡፡

2)ሓደ መስመር ሒዙ ፀኒዑ ኣይኸይድን አርባዕተ ሻብ ሓሳቡ ዝቐያየረሉ ኣብነት ኣሎ ፡፡

3)ንማርክስነት ብተራ ሎጂክ እዩ ዝካታዕ ኣብነት ኣብ ናይ ጫሞ ምይይጥ ዚያዳ ክብሪ ካብ ሮቦትስ ክመፅእ ይኽእል እዩ ኢሉ ፡፡

4) ዘይጣበቖ ነገራት የጣብቕ ፣ ዓበይቲ መርገፂ ክወስድ ከሎ ንማርክስነት ይጓነፅ ምህላዉ ስኽፍ ከይበሎ ይወስድ፡፡ መረዳእታ ካብ ናተይ ፅሑፋት ከቕርብ ፈቲኑ ፡፡

5) ግደይ መስመር የብሉን ምእንቲ ክብሩ ኢሉ እዩ ዝካታዕ ዘሎ እምበር ዋላ ሓንቲ ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መስመር የብሉን ፡፡

ነዚ ገምጋም ኣባይን ገብሩን ተወሳኺ ምስሃቡ ካብቲ ገዛ ኣባል ማእከላይ ኮሚቴ ኣለምሰገድ ገ/ኣምላኽ ንኣቦ መንበር "ግደይ መስመር የብሉን ዝብል መርገፂ ናይዚ ኣኼባ ገምጋም ምኳኑ ኣነፂርካዮ ክትሓልፍ ኣለካ "ኢሉ መተሓሳሰቢ ኣቕሪቡሉ ተቐቢሉዎ ፓናል ተደምዲሙ፡፡

ነቲ ባጫን ንዕቀትን ዝተመልአ ኣቀራርባ ናይ መለስ ከም ውልቃዊ ጠባዩ ገዲፈ ኣብተን ብቐጥታ ነቲ ፓነል ዝምልከታ ጥቕስታት ከተኩር እየ ፡፡ መብዛሕቲኤን እዘን ተጠቒሰን ዘለዋ ገምጋማት ካብ ፖሊት ቢሮን ማእከላይ ኮሚቴን ክወርድ ከለኹ ክሴታ ኮይነን ቀሪበን ዝነበራ እየን ፡፡ ነዚኤን ንምምላስ እንተፈቲነ ገፊሕ መድረኽ ስለዘድልዮ ካብቲ ሒዝናዮ ዘለና ርእሲ ከውፅኣና እዩ ፡፡ ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓትን ነቲ ካብ ፖሊት ቢሮን ማእከላይ ኮሚቴን ክወርድ ምኽንያት ጌሮም ዘቕረቡዎ ክሴታ መራጎዲ ዝኸውን ነጥብታት ንክረኽቡ ሃሰውሰው ምባል ኣየቋረፁን ፡፡ ኣይበልናን'ዶ እቲ ቅድሚ ሕዚ ዝወስድናዮ መርገፂ ትኽክል እዩ ነይሩ ኢልካ ተጋዳላይ ንክኣምን ዝግበር ፃዕሪ እዩ ፡፡ ስለዝኾነ እተን ካብ መዝነት ንምውራድ ዘቕረቡወን ክሴታ ንበይተን ክንሪአን ፤ ሕዚ ኣብዛ ፓናል መራጎዲ ዝኾነ ኢሎም ዘቕረቡወን ነዛ ፓነል ዝምልከታ ነጥብታት ጥራሕ ክምልስ

መጀመርያ ፓሪስ ኮሚዩን ናይ ሽቃላይ ወያነ ንዴስነት ምኳኑ መረዳእታ ቀሪቡሉ ኣይቕበሎን ኢሉ ፤ ጌግኡ ኣይኣምንን ዝብል ክንርኢ ፡፡ ነዛ ነጥቢ መበገሲ ማሌሊት ናይ ሽቃላይ ምልክነት እንተተኺሉ ናይ ዴሳዊ ዕማም እዩ ክሕዝ ዘለዎ እምበር ናይ ዲሞክራሲያዊ ዕማም ክሕዝ ኣይኽእልን ፡፡ ስለዝኾነ ኣብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ  ናይ ሽቃላይ ምልክነት ዝበሃል ክህሉ ኣይኽእልን ፡፡ ምኽንያቱ ኣብዚ መድረኽ ዝፍፀሙ ዕማማት ዲሞክራሲያዊ ስለዝኾነ ዝብል ኣረኣእያ ስለዘለዎ ነዚ ብዝጠቅም መረዳእታ ኣቕሪበ ፡፡ እቲ ዘቕረብኩዎ መረዳእታ ፓሪስ ኮሚዩን ዕማሙ ዲሞክራሲያዊ ምንባሩ እቲ ስልጣን ግን ናይ ሽቃላይ ምልክነት ከም ዝበሃል ካብ ናይ ሌኒን ፅሑፋት ኣቕሪበ ፡፡ እተን ጥቕሲ ከምዚ ይብላ -

"ብፃይ ካሜኖቭ ካብ ስምዒታዊ ኣረኣእይኡ ብምብጋስ ከምቲ ፓሪስ ኮሚዩን 'ብቐጥታ' ዴስነት ከተክል እዩ ዝብል ናይ ቡርዧ ስምዒት /ኣረኣእያ እዩ ዝደግሞ ዘሎ ፡፡ እዚ ግን ኣይኮንን እቲ ኮሚዩን ስለዘይሰመረሉ ዴስነት ኣብ ምትካእ ደንጉዩ እዩ ነይሩ ፡፡ እዘቲ ቀንዲ ቁምነገር ናይ ኮሚዩን ኣብቲ ቡርዧ ዝፈርሕዎ /ዝጥምትዎ ኣይኮነን ፡፡ እንታደኣ ኣብቲ ፍሉይ ዓይነት መንግስቲ ምፍጣሩ እዩ ፡፡..."ካልእ ተወሳኺ

"...እዚ ጠባይ (ካብ ህዝቢ ዝተነፀለ ፖሊስን ሰራዊትን ደምሲሱ ብህዝባዊ ፖሊስን ሰራዊትን ምትካኡ ማለት እዩ ፡፡(ናተይ ) እቲ ዋና ቁምነገር ናይ ኮሚዩን ዝገልፅ እዩ ፤እዚውን ካብቶም ብቐጥታ ዴስነት 'ንምትካል'ዕላማ ነይርዎም ተባሂሉ ብቡርዧ ፀሓፍቲን ብጌጋ ዝግለፅን ፣መፀለምታትን ዘለፋታትን ዝበፅሖ ዝነበረን ፡፡ "

ነዚ ናተይ መረዳእታ ንምንፃር መለስ ሽው ሃሰውሰው ኢሉ እዚ ዝስዕብ ነጥቢ ኣቕሪቡ

"...ሓቀኛ ሚስጢር ናይ ኮሚዩን እዚ እዩ ነይሩ ፡፡ ኮሚዩን ብመሰረቱ ናይ ሸቃላይ መንግስቲ ውፅኢት ናይቲ ዘፍሪ ኣንፃር እቲ መዝማዚ ደርቢ ዝግበር ቃልሲ እዩ ነይሩ ፤ እዚ እዩ ድማ ዕዮ ካብ ምዝመዛ ነፃ ዝኾነሉ ኣብ መጨረሻ ዝተረኸበ ሓደ መልክዕ ናይ መንግስቲ እዩ ፡፡...."[10]

እዛ ጥቕሲ ናይ ማርክስ እያ መለስ ግን ከም ናይ ሌኒን ገይሩ ኣቕሪቡዋ ፡፡ ዕላምኡ ንሽፈጥ ክሳብ ዝኾነ ከምዚ ዝዓይነቱ ኣጠቓቕሳ ካብ መለስ /ማሌሊት ዘይንፅበዮ ኣይኮነን ፡፡ እዛ ናይ ማርክስ ጥቕሲ እውን ዋላ እንተወሰድና ፓሪስ ኮሚዩን ናይ ሸቃላይ መንግስቲ እዩ ይብል፡፡ ትኽክል ሌኒንውን ከምኡ እዩ ዝብል ኣነውን ከምኡ እየ ኢለ ፡፡ ቐፂሉ ማርክስ ዝገለፆ ግና ብናይ ፓሪስ ኮሚዩን ዓይነት መንግስቲ ገይርካ ሸቃላይ ካብ ምዝመዛ ነፃ ዝወፀሉ መንገዲ ክግበር ይከኣል እዩ ዝብል ሓሳብ እዩ ዝገልፅ ዘሎ እምበር ፓሪስ ኮሚዩን ዴሳዊ ወያነ ነይሩ ኣይብልን ዘሎ ፡፡

እዛ ምስዚኣ ኣተሓሒዙ መለስ ዝጠቐሳ ናይ ሌኒን ልሳን ድማ ከምዚ ትብል ፡-

"ኮሚዩን ንናይ ቡርዧ መንግስቲ ንምዕላው ብናይ ሸቃሎ ወያነ ዝተገበረ ናይ መጀመርያ ፈተና እዩ ፤ ንሱውን ነቲ ዝተደምሰሰ መንግስቲ ክትክእ ዝግባእን 'ኣብ መጨረሻ ዝተረኸበ /ዝተምሃዘ ሓደ መልክዕ ናይ መንግስቲ እዩ' ፡፡

እዛ ናይ ሌኒን ጥቕሲ ትዛረብ ዘላ ብዛዕባ እቲ ዝተደምሰሰ ናይ ቡርዧ መንግስቲ ዝትክኡ ሓዱሽ ዓይነት መንግስቲ ናይ ኮሚዩን መንግስቲ ከምዝተረኸበ እዩ ዝሕብር ፡፡ መለስ ቅፅል ኣቢሉ ዘይጠቐሳ ድኣ ኮይኑምበር ሌኒን ከምዚ ናይ ፓሪስ ዓይነት መንግስቲ ኣብ 1905 ን 1917 ናይ ሩስያ ወያነውን ከምዝተፈጠረን ነቲ ማርክስ ንፓሪስ ኮሚዩን ዝሃቦ ትንተናታትውን ትኽክለኛነቱ ከምዘረጋገፀን ይገልፅ እዩ ፡፡ ኣብ 1905ን 1917 ናይ ሩስያ ዲሞክራሲ ወያነታት ናይ ፓሪስ ኮሚዩን ዓይነት ተፈጢሮም ከምዝነበሩን ክፍጠሩ ከምዝኽእሉን ኢና ካብታ ዝተረፈት ናይ ሌኒን ጥቕሲ ንርዳእ ፡፡ መለስ ብሙሉእነት ነታ ጥቕሲ ኣቕሪቡዋ እንተዝነብር ንሓሳቡ ከምዘይትድግፎ ክርዳእ ምኽኣለ ነይሩ ፡፡

ካብዛ መለስ ዘቕረባ ሌኒን ንፓሪስ ኮሚዩን "ዴሳዊ ወያነ "ነይሩ ዝብል የብላን ናይ "ሸቃላይ ወያነ" ግን ይብል ኣሎ ፡፡ ናይ ሸቃላይ ወያነ ማለት ግድነት ዴሳዊ ወያነ ማለት ድዩ ? ብወገነይ ኣይኮነን ፡፡ ግን ብልሙድ ዴሳዊ ወያነን ናይ ሸቃላይ ወያነን ሓደ ጌርካ ምውሳድ ስለዘሎ እቲ ገዛ ተደናጊሩ ክኸውን ይኽእል ፡፡ ከምዚ

እንተዝኸውን እውን ኣነ ዝጠቐስኩዎ ጌጋ መለስ ዝጠቕሶ ትኽእል ኢልካ ብምንም መንገዲ ክትግምግሞ ኣይትኽእልን ፡፡ ሌኒን ክልተ ተገራጨውቲ ነገራት ተዛሪቡ ኣሎ ና ምባል ኢኻ ትኽይድ ትኽእል ምኽንያቱ ክልቲኦም ናይ ሌኒን ጥቕሲ እዮም ፡፡ ኣነ ዝጠቐስኩዎ ፓሪስ ኮሚዩን ዴሳዊ ፕሮግራም ኣይነበሮን ዝብል'ዩ ፡፡/ተዓዘቡ ዴሳዊ ወያነ ኣይብልን /ኣደናጊሩ ግን ነቲ ገዛ ዴሳዊ ወያነ እዩ ኢሉ ኣእሚንዎ ፡፡ ኣየንኡ ጥቕሲ እዩ ትኽክለኛ ነዚ ዝምልከት እቲ ገዛ ካብ መለስ ዝቐረበሉ ተወሳኺ መግለፂ ኣይነበረን እታ ጥቕሲ ጥራሕ እዩ ኣቕሪቡ ፡፡ ኣብዚኣ እቲ ገዛ ሚዛናዊ ነይሩ'ዶ ክንብል ንኽእል ኣይነበረን ፡፡

“ኣውቆ የተኛ ቢቀሰቅሱት ኣይሰማም ” ከምዝበሃል መራሒቲ ማሌሊት ኮነ ኢሎም ዓይኖም ዓሚቶም ይጓዓዙ ስለዘለዉ ተደናጊሮም ይኾኑ እዮም ካብዝብል ተወሳኺ መረዳእታታት ከቕርበሎም ኣይረኣየንን ፡፡ እቲ ሓፋሽ ግና ብግልፂ ክርደኦ ሌኒን ኣብ ፓሪስ ኮሚዩን ዝነበሮ ኣረኣእያ ብዘየካትዕ መንገዲ ዝገልፆ ስለ ዘሎ ከም ተወሳኺ መረዳእታ ከቕርብ እየ ፡-

ሌኒን ኣብ ዝመርሓ ዝነበረ 'ፕሮሊታሪ ' ትበሃል ቑ.8 ብሓምለ 17 ,1905 ዝተፅሓፈት ብዛዕባ ናይ ፓሪስ ኮሚዩን ዝምልከት ሌኒን ከምዚ ይብል ፡-

“እዛ ንኡሽተይ ታሪኻዊ መረዳእታ ትምህርቲ ዘይብላ ኣይኮንትን፤ እዛ ታሪኽ ብቀዳምነት ኮሚዩኒስታውያን ንኡስ ቡርዧ ኣብ ዝተሳተፈሉ ወያናይ መንግስቲ ይካፈሉ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ገለ ኩነታትውን ቀጥታዊ ሓላፍነቶም እዩ ፡፡ እዛ ታሪኽ ካልእ ተምህርና ነገር እቲ ሓቀኛ ዕማም ናይ ኮሚዩን <u>ልዕሊ ኩሉ ዲሞክራሲዊ</u> ማለት እዚ ንሕና ንኡስ ፕሮግራምና ንብሎም ምፍፃም እምበር ዴሳዊ ወያነ ምክያድ ኣይነበረን ፡፡፡...”ሰረዝ ናተይ

ከምዚ ንሪኦ ዘለና ሌኒን ኣብ 1905 ይኹን ድሓር ኣብ 1917 ዓ.ም ኣብ ዝፅሕፎም ፅሑፋት ፓሪስ ኮሚዩን ዴሳዊ ወያነ ዘይምኻኑ እቲ ናይ ፓሪስ ኮሚዩን ፕሮግራም ዲሞክራሲያዊ ምንባሩ እቲ መንግስቲ ግና ናይ ሽቃላይ ምልክነት ምንባሩ እዩ ፡፡ ሌኒን ከም ማሌሊት ሽቃላይ ስልጣን እንተሒዙ ግድነት ዴሳዊ ወያነ ጥራሕ እዩ ክካየድ ዘለዎ ኣይብልን ፡፡ ሽቃላይ ስለጣን ሒዙ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ናብ ዴሳዊ ወያነ ብዘሰጋግሮ ኣገባብ ኣካይዱ ምስ ፈፀመ ናብ ዴስነት ክሰግር ይኽእል እዩ ፡፡ ቅድሚ ዴሳዊ ወያነ ናይ ሽቃላይ ምልክነት ዝበሃል ኣሎ ክንብል ክለና'ውን ከምዚ ናይ ፓሪስ ኮሚዩን ወይ ናይ ሶቭየት መንግስቲ ዓይነት ማለትና እዩ ፡፡ እዚ ሓሳብ እዚ እዩ ንማሌሊት ጓና ኮይኑ ዘሎ ፡፡

ነዚ ጉጉይ ኣረኣእያ ናይ ማሌሊት ዘጋድዶ ኣብ ስግግር ካብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ናብ ዴስነት ዘለዎ ዘምባዕ ኣረኣእያ እዩ ፡፡ ማሌሊት ካብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ናብ ዴሳዊ ወያነ ስግግር ኣሎ ትብል 'ያ ፡፡ እዚ ስግግር ብኸመይ ኣገባብ ይካየድ ንዝብል ግና ከም ኣገዳሲ ማርክስ ሌኒናዊ ፕሮብሌም ወሲዳ ክትምልሶ ኣይትፍትንን ፡፡ ካብቲ ናይ መለስ ዘረባ ከምትስምዕዎ ስግግር ከሎ ሃፀያዊ መንግስቲውን ናብ ዴሳዊ ወያነ መሰጋገሪ'ዩ ብዝብል ሓፈሻዊ ናይ ስግግር ኣምር ይገልፅ ፡፡ ከምኡ ግን ኣይኮነን ፡፡

ካብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ናብ ዴሳዊ ወያነ ብዘይምቁራፅ ብሰላም ምስጋር ብዝምልከት ሌኒን ከም ፕሮብሌም ወሲዱ ድሕሪ ናይ ሩስያ ለካቲት ወያነ ኣብ ናይ 'ሚያዝያ ትንተንኡ' እቲ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ብሰላም ናብ ዴስነት ክሰግር ክወስዶም ዝግባእ ፖለቲካውን ኢኮኖሚያዊን ፕሮግራም ኣውፂኡ እዩ ፡፡/ማሌሊት ነዚ ደጋጊማ ክተፅንዕ እንተፈተነትውን ዝሓሸ ይመስለኒ / ፡፡ ብድሕሪ እዚ ዘይማዕበላ ሃገራት ብዝምልከት ኣብ 2ይ ጉባኤ ናይ 3ይ ዓለም ለኸ ዲሞክራሲዊ ወያነ ኣካይደን ሶቪየታዊ ስልጣን ተኺለን ብዘይ ርእሰማላዊ ኣገባብ ናብ ዴስነት ክሰግራ ይኽእላ እየን ዝብል ብሌኒን ዝቐረበ ሪፖርት ፅዱቑ እዩ ፡፡ እዚ

ዘይርእሰማላዊ ኣገባብ ምዕባለ ብሶቭየታዊ መንግስቲ ዝብል ሓሳብ ብ1930 ፈፃሚ ኮሚቴ ናይ 3ይ ዓለም ለኸ ንፁር ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን መምርሒ ብምውፃእ ናይ ቻይና ወያነ መምርሒ ክኸውን ገይሩ እዩ ፡፡ እዚውንዩ ሕዚ ኩለን ዲሞክራሲያዊ ወያነ ንመርሕ ኣለና ዝብላ ማሌ ፓርቲ ክኽተልለአ ዝግባእ መምርሒ፡፡

ማሌሊት እዚ መምርሒ ዘይርደኦ እንተኾይኑ ካብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ናብ ዴሳዊ ወያነ ዝግበር ስግግር ከም ሓደ ፕሮብሌም ተወሲዱ መልሲ ከምዘድለዮ ጌራ ግን ክተደናግረና ትፍትን የብላን ፡፡ ካብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ናብ ዴሳዊ ወያነ ብማሌሊታዊ አስማት ክንሰግር ኢና ኢልና ዓይንና ኣይንዕምትን ፡፡ ካብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ናብ ዴሳዊ ወያነ ብቀጥታ ብሰላማዊ መንገዲ ምስጋር ይከኣል'ዶ ? ምስጋር ዝከኣል እንተኾይኑ ብምንታይ ዓይነት መንግስቲ ? ጠባይ ናይዚ መንግስቲ እንታይ እዩ ? ብምንታይ ዓይነት ኢኮኖሚያዊ ፕሮግራም ክንሰግር ንኽእል ? ዝብሉ ፕሮብሌማት ኣልዒልና ማርክስ ሌኒናዊ መልሲ ሂብና ክንሓልፍ ግድነት እዩ ፡፡ ሃፀያውያን መንግስቲውን መሰጋገሪ'ዩ ዝብል ማሌሊታዊ መልሲ ቅጥፈትን ዘይብስለትን ናይቶም መራሕቲ ክሕብረና እንተዘይኮይኑ ንማርክሳውያን ነቲ ፕሮብሌም ከይሪኡዎን ከይምልስዎን ዝዓግት ግን ክኸውን ኣይኽእልን ፡፡

እምበኣርከስ ኣጠቓሊልና ክንሓልፍ እዛ ግደይ ጌግኡ ኣይኣምንን ዝብል ዝቐረበት ክሴታ መሰረት ዘይብላ ናይ ቀደም ክሴታ ንምርጓድ ነቲ ሒዝናዮ ዝነበረና ክትዕ መስመሩ ክስሕት ዝተገበረ ቅጥፈት ምዃኑ ካብዚ ዝተኸታተልናዮ ንምርዳእ ዘፀግም ኣይኮነን ፡፡

ካልኣይ ኣገዳሲ ነጥቢ እቲ ኣኼባ መርገፂ ዝወሰደሉ ግደይ መስመር የብሉን ዝብል እዩ ፡፡ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ማሌሊት ካብዞም ሕዚ ዘቕረብኩዎም ናይ ኣፈላላይ ነጥቢ ናይ ሽቃላይ ገባርን ምልክነት ኣካል ናይ ሽቃላይ ምልከነት እዩ ዝብል ሽዑውን እምነተይ ምዃኑ ገሊፀ ስለዝነበርኩ እቲ ጉባኤ እዚ ዝስዕብ ውሳነ ኣፅዲቑ እዩ ፡፡

“ካብዚ ብዝተፈለየ ገና ናይ ፃኢ ኣፈላላይና ድሕሪ ማእከላይ ኮሚቴ ኣኼባ ኣብ እምበኮ ምዕላቡ ነቲ ጉጉይ መስመር ዘይሓኸኽካ ቀፃሊ ናይቲ ጉጉይ መስመር እምነት ዝሓዘ ናይ መስመር አፈላላይ ኣብ ገለ ኣካል ማእከላይ ኮሚቴ ክሳብ 1976 ቀፂሉ ነይሩ እዩ ፡፡ ኩሉ እቲ ነቲ ኣፈላላይ ክንፅር ዝኽእል ማሌ ሓቅታት እኹል ቀሪቡ ብማእከላይ ኮሚቴ ቅቡል ኮይኑ እንዳሃለወ ነቲ ጉጉይ መስመር ዘይሓኸኸ ኣካል መስመሩ ተንቲኑ ፤ ሒዝዎ ምፅንሑ ካብቲ ግር ኢልዎ ብዝንባለ ደረጃ ሒዝዎ ዝፀንሐ ዝተፈለየ <u>ንፁር ናይ መስመር ኣፈላላይ ምንባሩ ዘርኢ'ዩ</u> ፡፡ ሰረዝ ናተይ ፤ካብ “ኣጠቓላሊ ገምጋም ጉዕዞ ሕወሓትን ኮሚዩኒስት ሓይልን ” ገፅ 10 ሰነ /1977 ዓ.ም ዝተፅሓፈ

- <u>መዘኻኸሪ</u> እቲ ተተንቲኑ ሒዙዎ ዝበሃል ዘሎ ፅሑፍ ንክትዕ ዘይዘርጋሕክዎ ኣባይ ካባይ ወሲዱ “ሓዱሽ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ብግደይ ኢሉ ንመሪሕነት አባላት ዝበተኖ እዩ።

ኣብ ፓነል ዝነበረኒ መስመር ብዝግፈሐን ብዝዓሞቐን ተንቲነ ምስ ኣቕረብክዎ መስመር ኣይኮነን ተባሂሉ ፡፡ ዝገርም'ዩ ኣብ ሓደ ኣፍ ክልተ መልሓስ ፡፡ መለስ ልቡ ሰንዲሑ ምስ ግደይ ዘለና ኣፈላላይ ናይ መስመር እዩ ኢሉ ኣብ ጉባኤ ተኻቲዑ ከፅድቓ ገይሩ ሕዚ ድማ ነቲ ናይ ጉባኤ ውሳነ ጥሒሱ መስመር ኣይኮነን ኢሉ ፡፡ መለስ ሽፈጡ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣገባብ ጥሒሱ ፡፡ ናይ ጉባኤ ውሳነ ክጠሓስ ከሎ 'ናይ ኣገባብ ሊቃውንቲ ' ማእከላይ ኮሚቴ እንታይ ኮይኖም ስነ ስርዓት ናይ ጉባኤ ውሳነ ትጥሕስ ኣለኻ ኢሎም ጠጠው ዘየበሉዎ ፤ እንዲያውም እቶም ንመለስ ተወሳኺ ዝሃቡ ሰለስቲኦም ኣባላት ማእከላይ ኮሚቴ እዮም ፡፡

ካብቶም ተወሳኺ ሓሳብ ዝሃቡ ኣባይ ቅድሚ እቲ ኣኼባ ዝነበሮ ኣረኣእያ ንመልከት ፡፡ ብግደይ ዘርኣፀዮን ንክትዕ ዝተርዘገሖት '1973 ክረምቲ ' ብዝብል ኣርእስቲ ዝበተና እያ ፡፡ እዛ ፅሕፍቲ ንክትዕ ኣይተዘርገሖትን ምይይጥውን ኣይተገበረላን ፡፡ ኣብ ጥቓ ጉባኤ ኣባይ ምሳይ ዝነበረት ፅሕፍቲ ሓቲቱኒ ሂበዮ ፣ ንዓይ ከየፍቀደ ኣባዚሖ በቲኑዋ ፡፡ ከምዚ ዓይነት ቅጥፈትን ፖለቲካዊ ሽርሙጥናን ዕላምኡ እንታይ ከምዝኾነ ርዱእ እዩ ፡፡ ኣብ ጉባኤ እታ ፅሕፍቲ ንምምይይጥ ተዘርጊሓ ከምዘይትፈልጥ ብ1973 ዓ.ም ዝነበረኒ ቅዋም ግን ትገልፅ ምኺና ገሊፀ ነይረ ፡፡ ሽዑ ኣብቲ ጉባኤ ከመይ ተሓቲማ ከምዝመፀት ዝነበረ ሻጥር ክገልፅ ኣይደለኹን ፡፡ እዛ ፅሕፍቲ ድኽመታት ኣለዋ ፡፡ እዚ ግን ኣብቲ እዋን ዝነበረኒ ደረጃ ፍልጠት ካብ ምግላፅ ሓሊፈ ኣብ ዝተኸተልኩዎ ፕሮግራም ጌጋ ዝኽተል ኣይነበረን ፡፡ ተፃረርቲ ክብለፁላን ከባጭዉላን ይፍትኑን'ዩም ፡፡ ለሳቅ ለፈገግታ እንተኾይኑ ካብ ናይ ሕወሓት ፅሑፋት ብዙሕ ክርከብ ይኽእል'ዩ ፡፡

ኣፈላላይ ብዝምልከት 'ምልኪ ሽቃሎን ገባርን ሓደ መልክዕ ናይ ምልኪ ሽቃሎ እዩ 'ዝብል ፅሑፍ ንምይይጥ ናብ ማእላይ ኮሚቴ ብማዝያ 1978ዓ.ም ኣቕሪበ ኣባይ ንዕኡ መልሲ ፅሒፉ ፡፡ ናይ ክልቴና ፅሑፍ ኣብ ሓንቲ መፅሔት ተጠርኒፉ 'ኣፈላላይና ኣብ ናይ ምልኪ ሽቃሎን ገባርን ሕቶ ናብ ማእከላይ ኮሚቴ ማሌሊትን ሕወሓትን ዝቐርብ ፅንዓት ሰነ 1978 ዓ.ም 'ብዝብል ተዘርጊሑ ነይሩ ፡፡ ኣብዚ ፅሑፍ ኣባይ ዝስዕብ ሓሳብ ገሊፁ ኣሎ ፡-

“...መስመራት በሽሞም ይፀውዑ ሽም ቀሺ ኣየድልዮምን ፡፡ ናይ ግደይ ኣረኣእያ ብመሰረቱ ትሮስቲካዊ ኮይኑሎ ፡፡ ክንዲ ናይ ትሮትስኪ ዝኾነ ዕምቆት ደኣ ሲኢኑ እምበር ፡፡” 14 ገፅ 104

ኣብዚ ፓነል ደኣ መርገፂኻ ናበይ ደርቢኻዮ ንምንታይ ? ገብሩ ናይ ግደይ መስመር ኣብ ምንታይ ከምዘቐመጦ ጨኒቑኒ ነይሩ ሕዚ ግን ተመሊሱለይ ዋላ ሓንቲ መስመር ዘይብሉ ምኺኑ ተረዲአ ፡፡ ፖሊት ቢሮ ኣባል ትኣክል ናብ ዝንተካ ትኸይድ ኢኻ ዝብል ግምት የብለይን ፡፡ ኣብ ጉባኤ ዝወሰድካዮ መርገፂ መለስ ክግልብጦ ከሎ ከም በጊዕ ተጎቲትካ ተንጨብጭብ ኣለኻ ዝብል ግምትውን የብለይን ፡፡

ግደይ መስመር የብሉን ዝብል መርገፂ ብሃንደበት ዝመፀ ኣይኮነን ፡፡ ኣፈላላይና ኣብ ፖለቲካዊ ኣረኣእያታት ዘይኮነስ ግደይ ንውልቃዊ ክብሩ ኢሉ ካብቲ ቃልሲውን ክሃድም ስለዝደለየ እዩ ኢልካ ሕጋዊ ስጉምቲ ንምውሳድ ዘኽእሎ ባይታ ንምፍጣር እዩ ነይሩ ።

ነዚ ተወሳኺ ኣብነት ኣብቲ ኮንፈረንስ ግደይ ካብ ፕሮግራምና ወፃእ እዩ ዝካታዕ ዘሎ ስለዚ ኣብ ኮንፈረንስ ክካፈል የብሉን ዝብል ክትዕ ክለዓል ከሎ መለስውን ሓሳብ ኣቕሪቡ ነይሩ ፡፡ ካብቲ ናይ መለስ ሓሳብ ሓንቲ ግደይ ካብ ፕሮግራም ወፃኢ ምዝራቡ 'ንኡሽተይ ሕንፍሽፍሽ 'እያ ኢሉ ከምዘቕረቦ ዝዝከር እዩ ፡፡ ከምዚ ምባሉ ዕላምኡ ምምሕድዳራዊ ስጉምቲ ንምውሳድ እዩ ፡፡

መለስ ምስ ካልኦት ፖሊት ቢሮ ኣባላት ተንኮል ኣሊሙ ቅድሚ ሕዚ ንበረሁ ብ1975 ንናይ ፖሊት ቢሮ ውሳነ ኣብ ዕላዊ ኣኼባ ስለዝተቓወምና ትሕንፍሹ ኣለኹም ኢሉና እዚ ድማ በሪሁ ንኣፈላላይ ብዲሞክራሲያዊ መንገዲ ኣብ ክንዲ ምፍታሕ ብምምሕድዳራዊ መንገዲ ክፍታሕ

ስለዝደሊ እዩ ኢሉ ዓቢ ወንጀል ገይሩ /እታ ዝዓበየት ወይ ወሳኒ ክሲ ኣብ በሪሁውን እዚኣ እያ ነይራ /ከሲሱ ካብ ማእከላይ ኮሚቴ ክወርድ ተገይሩ ። ስለዚ መለስ ይኹን ካልኣት ኣባላት ማእከላይ ኮሚቴ ትሕንፍሽ ኣለኻ ኢልካ ክሲ ምቕራብ ከሳብ ክንደይ ዓቢይ ምኽኑ ኣፀቢቖም ይርድኡ እዮም ። በሪሁ ሓንፈሽቲ ኢልካ ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ጥሒስካ ኢሎም ኣምሪሮም ዝበኸዩ ዝነበሩ ማእከላይ ኮሚቴ ሕዚ ደኣ እንታ ኮይኖም ኣብ ዕላዊ መድረኽ እሞ እቲ ኮንፈረንስ ኣብ ዘቕረቦ ኣጀንዳ ሓሳብካ ተቓውሞኻ ምግላፅ ከመይ ኢሉ ሕንፍሽፍሽ ኮይኑ ፤ ወይስ መለስ ስለዝኾነ ኣይተሓዘሉን ወይስ ግደይ ሓንፋሺ እዩ ኢልኩም ምምሕድዳራዊ ስጉምቲ ክትወስዱ ተማኺርኩም መፂእኹም ?

ብወገነይ ምምሕድዳራዊ ስጉምቲ ክትወስዱ ዘኽእለኩም ባይታ ትፈጥሩ ከምዝነበርኩም ኣይጠራጠርን ። እንታይሞ ይኹን ኣፈላላይና ኣብ ግልፂ መድረኽ እንዶ ወፂኡ /ግደይ ኣምሊጡ /

መለስ ንግደይ ፖለቲካዊ መስመሩ ከስተኻኽል ብዙሕ ፂዕርናሉ ፣ ሓጊዝናዮ ፣ ከፅንዕ ጊዜ ሂብናዮ ፣ ሒዝዎ ዝመፀ መስመር ግና እዚ እዩ ኢሉ ኣሰትናዒቑን ብባጫ ከምዘቕርበ ሪእኹም ኢኹ ። ባጫን ምስትንዓቕን ንመለስ ሓዱሽ ጠባይ ኣይኮነን ። ዝገርም ነገር እንተሃለወ ወያነና ኣብዚ 13 ዓማውቲ ክገርሖ ዘይከኣለ ምኽኑ እዩ ። ናይ ሕወሓት ፖለቲካዊ ልምዲን ትሕዝቶኣን ነዚ ናይ መለስ ፀባይ ዕቡቕ ድኹዒ ኮይኑ ከጋድዶ ይገብሮ ከምዘሎ ዘካትዕ ኣይኮነን ። መለስ ኣብ ሃይለ ስላሰ ዩንቨርሲቲ ንናይ ተምሃሮ መሪሕነት ወድድር ሓደ ጊዜ ተሳቲፉ ምንባሩ ዝዝከር እዩ ተወዳደርቲ ሓሳባቶም ብእንግሊዘኛ ስለዝገለፁ እቲ መወዳድርቱ ሓሳቡ ብእንግሊዘኛ ክገልፅ ስለ ዘይከኣለ 'እንግሊዘኛኻ ሰባር እዩ 'ኢሉ ከናዕቖ ፈቲኑ ። ኣብዚ እዋን እቲ ውድድር ዝከታተል ዝነበረ ተምሃራይ ተናዲዱ ዓቢይ ተቓውሞ ገይሩ ንመለስ ካብ መድረኽ ርእሱ ኣድኒኑ ክወርድ ከምዝገበሮ ዝዝከር እዩ ። ኣብ ናይ ሕወሓት መድረኽ ግን መለስ ከምዚ ከምዘየጋጥሞ ኣፀቢቑ ይፈልጥ'ዩ እምበር እዚ ኩሉ ሓሶት ፣ ባጫ፣ ንዕቐት ልቡ ሰንዲሑ ኣይመካየደን ።

መለስ ንግደይ ሓጊዝናዮ ሒዝዎ ዝመፀ መስመር ግና እዙ እዩ ኢሉ ። እንታይ ሓገዝ ከምዝተገበረለይ ከምዝተረዘርዘረ ፅብቕ ነይሩ ። ተመዲበሉ ዝነበርኩ ናይ ስራሕ ቦታን ዝነበረ ኣተሓሕዛ ንፅንዓትን ዘተባብዕ እንተነይሩ ተጋዳላይ ኩሉ ክምዝኖ ዝኽእል እዩ ይመስለኒ ። ሕወሓት /ማሌሊት ፖለቲካዊ መስመርኩም ንዘይገድፍ ነተባብዕ ኢና ኢልኩም ምምፅዳቕ እንተገደፍኩም ይሓይሽ ። መተዓዛዘቢ እዩ ።

ናይ ፓነልና ርእሲ “ኩሉ በቢሸሙ ይፀዋዕ ” ዝብል ርእሲ ሂቦም ብቪድዮ ዘርጊሖም ኣለዉ ። እዚ ርእሲ መለስ ንግደይ እቲ ትኽክለኛ ሽሙ ክንህቦ ኣለና ኢሉ ንዓይ ንምግምጋም መበገሲ ዝገበሮ እዩ ። ከምቲ መለስ ዝበሎ ኣብ መስፍናዊ ሕብረተሰብ ስለዘለና ንሰብ እታ ትግበኦ መልክዕ ምሃብ ኣይለመድናን ይብል ። ንኣብነት ኣደይ ፣ ሰበይተይ መለስ ኢላ ብሽመይ ክትፅውዐኒ እንተትሰምዕ ዋይ ናይ ወደይ መንጢላቶ ኢላ ምዓበደት ነይራ ምኽንያቱ ንባዕላ ንኣቦይ ብሽሞም ፀዊዓቶም ስለዘይትፈልጥ ይብል ። ግሩም ናይ ትሕትነት ኣብነት ኣብ

መስፍናዊ ስርዓት እዩ ፡፡ መለስ ንሰብ ብትኽክለኛ ሽሙ ምፅዋዕ ይኽእል ድዩ ? ካብ ኣዲኡ ይፍለ ድዩ ? ብምንም መንገዲ ኣይፍለን ፡፡ ንግደይ መስመር የብልካን ኢሉዎ ፡፡ ካብ ኣዲኡ ዝፈልዮ ነገር እንተሊዩ ከም ኣቡኡ ትምክሕተኛን ተንኮለኛን ምኽኑ እዩ ፡፡ መለሰን ኣዲኡን ሙሉእ ገፅታ ናይ መሰፍንነት ይህቡና ፤ እቲ ሓደ ናይ ልዕልነት እቲ ሓደ ድማ ናይ ትሕትነት ፡፡ መሰፍንውን ንገባር ዓኺይ እዩ ዝብሎ ነይሩ፡፡ ንገባር ብሽሙ ኣይፅውዖን ጥራሕ ዘይኮነስ ኣናኢሱ ይፅውዖ ፡፡ መለስውን ንግደይ ትኽክኛ ሽሙ ኣይኮነን ጥራሕ ዘይኮነስ ኣናኢሱውንዩ ፀዊዕዎ ፡፡

ኣብ መወዳእታ እቲ ፓነል እንታይ ውፅኢት ኣመዝጊቡ ? ማሌሊት ብብቕዓት መስመርና ሓሊና ቃልስና ውሕስነት ከምዘለዎ ኣረጋጊፅና ዝብል መደምደምታ በፂሑ ፡፡ እቲ መስመር ብቕዓትን ውሕስነትን እንተሊዩዎ ካብቲ ክሳብ ሕዚ ዝተኸታተልናዮ ንምምዛኑ ዘፀግመና ኣይኮነን ፡፡ ኣብቲ ፓነል ግደይ ተሳዒሩ ወፂኡ ፡፡ ብወገነይውን ተፀቢየዮ ዝነበረ እዩ፡፡ ቡዙሕ ተጋዳላይ ድሪ እቲ ኣኼባ 'ግደይ መስመር የብሉን ' ፣ 'ቀዳም መዓልቲ ፈሪስዎ ' ፣ ግደይ ዝኾነ ካድረ ዝምልሶ እኮ እዩ ጠፊእዎ ' ፣ 'ዴሳዊ ወያነ ነካይድ ኢሉ ' ፣ ' ንኽብሩ ኢሉ እዩ ዝካታዕ '...ዝብሉ መግለፂታት ሒዙ ፡፡ ማሌሊትውን ከምኡ ክኸውን ደልያቶ ነይራ እምበር እቲ ፖለቲካዊ ቁም ነገር ክሕዞ ኣይደለየትን ፡፡ ኣብቲ ኣኼባ ዝነበረ ብዙሕ ተሳታፊ እቲ ዝነበረ ኣፈላላይ ኣነፂሩ ከቕርብ ኣይኽእልን ፡፡

ብካልእ ወገን ግን እቲ ፓነል ዓወታት ኣለዉዎ ፡፡ ድሕሪ እቲ ኣኼባ ግደይ እንታይ ክኸውን እዩ ንዝብል ሕቶ ኣልዒሉ፡፡ ኣብ ፖለቲካዊ መድረኽ ማሌሊት /ሕወሓት ሓዱሽ ተርእዮ እዩ ፡፡ፖለቲካዊ ኣፈላላያት ፀይርካ ምኻድ ዝብል ዘረባ ማሌሊት ግብራዊ ፈተና ኣጋጢሙዎ ፡፡ ኣነ ብዝሰምዖ ብዙሕ ተጋዳላይ ኣብ ግደይ ስጉምቲ ክውሰድ የብሉን ግን ብዙሕ ሚስጢር ስለዝፈልጥ ናብ ወፃኢ ክኸይድ ምፍቃድ ኣየድልን ፡፡ ኣብ ሜዳ ግና መስመሩ ክገልፅ ዕድል ክረክብ ኣለዎ ይብል ነይሩ ፡፡ እቲ ፀጥታዊ ስግኣት ናይቲ ወድብ ኣረኣእያ እዩ ፡፡ ዓበይቲ ፖለቲካዊ ሕቶታትን መሰላትን ብደቀቕቲ ፀጥታዊ ምኽንያት ምጥሓስ ልሙድ እዩ ፡፡ ሽዑ ኣብቲ ኮንፈረንስ'ውን ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ዘለዎ ሰብ ነቲ ውድብ ናይ ምግዳፍ መሰል ኣለዎ ብፅጥታዊ ዓይኒ ክረአ እንተኾይኑ ግን ብሓለዋ ወያነ ኣቢሉ ይሓልፍ ዝብል ሕጊ ፅዲቑ ነይሩ እዩ ፡፡ እታ 'ብፀጥታዊ ዓይኒ ' ትብል ወሰና ንፁር ኣይኮነን ፡፡ እቲ ማእከላይ ኮሚቴ ከምዝደለዮ ዝዝርግሓን ዘፅብባን እያ ፡፡

ኣብቲ ተጋዳላይ ዝረአ ዘሎ ኣረኣእያ ፖለቲካዊ አፈላላይ ዘለዎ ውድብ ክለቅቕ ይኽእል'ዩ ነፃ መድረኽ ክፍቀደሉ ኣለዎ ዝብል ኣወንታዊ ኮይኑ እቲ ንፀጥታዊ ኩነታት ካብ ዝግበኦ ንላዕሊ ዝህቦ ጠመተ ሓደገኛ ምኻኑ ግን ክግንዘብ ይግባእ ፡፡ ናይ ፖለቲካ አፈላላያት ኣብቶም ኣብቲ ውድብ ዝሓሸ ፖለቲካዊ ፍልጠት ዘለዎም ሰባት እዩ ዝረአ ፡፡ እዞም ዝሓሸ ፍልጠት ዘለዎም ከዓ ዝበዝሕ ግዘ ናብ ማእከላይ ኮሚቴ ዝምረፁን ዝለዓለ ምስጢራዊ ቦታ ዝሕዙንዮም ፡፡ ምስጢር ዝፈልጥ ፖለቲካዊ አፈላላይ እንተኣምፂኡ ዝእሰር ፤ ኣብ ደስ ዝበሎ ክቃለስ ዝኽልክል እንተኾይኑ እቲ ማእከላይ ኮሚቴ ፖለቲካዊ ህይወት ዘይብሉ በድን እዩ ዝኸውን ፡፡ ዝበዝሕ

ዝብስብሱሉን ውሑዳት ዝዕንድሩሉ እዩ ክኸውን ፡፡ ናብ ሱዳን ከወፅእ ምኽኣለይውን በቲ ኣብ ወፃእ ዝነበረ ናይ ህዝብን ውድባትን ፅዕንቶታት እምበር ብናይ ሕወሓት እምነትን ብናይ ተጋደልቲ ፅዕንቶ ከምዘይኮነ እየ ዝርዳእ ፡፡

ካልኣይ እዚ ፓነል ዘመዝገቦ ዓወት እንተሃለወ መራሕቲ ማሌሊት/ሕወሓት ተጋዳላይን ህዝብን ንምድንጋር ንተፃረርቲ ንምጥፋእን ዝጥቀምሉ ተንኮልን ሻጥራትን ግልፂ ኮይኑ ክቕርብ ብምግባሩ እዩ ። ነዚ ፓነል ተጋዳላይ ዕሙት እምነት ኣብ መራሕቲ ከምዘለዎ መራሕቱ ድማ ቀጠፍትን ናይ ሓደ ወያናይ ሕሊና ከምዘይብሎም ፍጥጥ ኣቢሉ ክርኢ ገይሩ እዩ ፡፡ ተረርቲ ቃላት ዝጥቀም ዘለኹ ማሌሊት በብሽምካ ምዕዋዕ ኣይትቃወምን ካብ ዝብል እዩ ፡፡

## <u>ቡርዧ ስትራተጂካዊ መሓዛ ኣይኮነን ምባል ዴሳዊ ወያነ ነካይድ ማለት ድዩ ?</u>

ማሌሊት ካብቶም ብገፊሑ ትንቀሳቐሰሎም መፀለምታታት ሓደ ግደይ ኣብዘይ መድረኹ ዴሳዊ ወያነ ነካይድ ይብል ኣሎ ፤ ንቡርዧ ንውቃዕ ይብል ኣሎ ዝብል እዩ ፡፡ እቲ ቪድዮ ኣብ ክሊ ቡርዧታት ክረአ ጌርካ ንግደይ “ንምፅልላእ ”ወፈራ ይካይድ ኣሎ ፡፡ ካብ ቡርዧ ሽልማት ዝፅበ ኣይኮንኩን ፡፡ ግደይ ኣብ ማንም ጊዜ ፀረ ቡርዧ እየ ፡፡ ቡርዧታት በዚ መልክዐይ ክሪኡኒ ታሕጓሰይ እምበር ትሕቲ መሬት ዝኣትወሉ ኣይኮንኩን ፡፡ ፀረ ቡርዧ እየ ክብል ከለኹ ግን ኣብ ናይ ዲሞክራሲያዊ ወያነ መድረኽ ንቡርዧታት ንውቃዕ ዝብል ሃሳብ ይኹን ፕሮግራም ኣየቕረብኩን ፡፡
ምስ ማሌሊት /ሕወሓት ኣፈላላይና ብዝምልከት ግፍሕ ዝበለ ፅሑፋት ከምዘድልዩ ዘካትዕ ኣይኮነን ። ነዚ ኣፈላላያት ዝምልከቱ ፅሑፋት ቅድሚ ሕዚ ኣዳልየ ገሊኡ ማሌሊት ኣሕዲጋትኒ ገሊኡ'ውን ካብ ሜዳ ከውፅኦ ኣይከኣልኩን እንተዘውፅኦውን ናይ ምሕታሙ ጉዳይ ብናይ ማተሪያል ሕፅረት ምድንጓይ ኪጋጥም ይኽእል ይኸውን ይነብር ፡፡ ሕዚ ዓቢይ መደናገሪ ሕቶን ፖለቲካዊ መድረኽናውን ህፁፅ ዝኾነ ግደይ ንቡርዧ ንውቃዕ ኢሉ ዝብል መፀለምታ ብእዋኑ መብርሂ ዘድልዮ ብምዃኑ እዚ ፅሑፍ ከውፅኦ ግድነት ኮይኑሉ ፡፡

ኣብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ቡርዧ ስትራተጂካዊ ኣይኮነን ኢሎም ንመጀመርያ ሓሳብ ዘቕረቡ ማርክስን ኤንግልስን ድሓር ድማ ሌኒን እዩ ፡፡ ስትራተጂካዊ መሓዛ ኣይኮነን ክብሉ ከለዉ ግን ዴሳዊ ወያነ ነካይድ ንቡርዧ ንውቃዓዮ ማለቶም ከምዘይነበረ ማሌሊትውን ትዝንግዖ ኣይመስለንን ፡፡ ምናልባት ማሌሊት ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ስታሊን'ከ እንታይ በለ ኢላ ምሕታት ስለዘይረተርፍ ነዚ ዝምልከት ስታሊን ዝሃቦ መግለፂ ክንውሰኽላ

ስታሊን ኣብ 'መሰረት ናይ ሌኒንነት 'ዝብል ብማዝያ ግንቦት 1924 ዝፀሓፎ ኣብ ሩስያ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ዝነበረ ስትራተጂን ታክቲክን እዚ ዝስዕብ ይብል ፦

**"ቀዳማይ መድረኽ "** ፦ 1905 ክሳብ ለካቲት 1917 ዕላማ ንዛራዊ መንግስቲ ኣውዲቕካ ንመሰፍንንት ንምድምሳስ ። ቀንዲ ሓይሊ ናይቲ ወያነ ፤ እቲ ሸቃላይ ። ናይ ቀረባ ደገፍቱ እቲ ገባር። ቀንዲ ኣንፈት ናይቲ ውቅዒት ውቅዒት ፤ ንገባር ናብ ጎኑ ኣሰሊፉ ምስ ዛራዊ መንግስቲ <u>ብምድርዳር</u> ነቲ ወያነ ከውድቕ ዝዕልም ንዘሎ ሊበራል ቡርዧ ንምንፃል ። ፕላን ናይ ሓይልታት ኣሰላልፋ ፦ናይ ሸቃላይን ገባርን ምሕዝነት ፦ ብምባል ነቲ ናይ ሌኒን ፎርሙላ ይጠቅስ ።

"እቲ ሸቃላይ ነቲ ገባር ናብ ጎኑ ኣሰሊፉ ነቲ ተቓውሞ ናይ መስፍንነት ብምስባር ነቲ ተወላዋሊ ጠባያት ናይ ቡርዧ ድማ ብምምካን ነቲ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ክፍፅሞ ኣለዎ ። "[15] ይብል ።

ኣብዚውን እንተኾነ ስታሊን እቲ ቀንዲ ኣንፈት ናይ ውቅዒትና ንቡርዧ ካብ ገባር ክንፀል ምግባር እዩ ይብል ኣሎ ። ከም ማሌሊት ሃገራዊ ቡርዧ ከይነፀልና ሓቖፍናዮ ክሳብ መወዳእታ ክንከይድ ኣለና ኣይበለን ። ብስትራጂካዊ መሓዛና እዩ እውን ኣይበለን። እቲ መድረኽ ናይ ወያነ ድማ ዋላ እቲ ቡርዧ ስትራተጂካዊ መሓዛ ተዘይኮነ ሕዚውን ዲሞክራሲያዊ እዩ ይብል ኣሎ ስታሊን ። ከም ማሌሊት ቡርዧ ስትራተጂካዊ መሓዛ ኣይኮነን እንተይልካ ዴሳዊ ወያነ እዩ ኣይበለን ።

ስለዚ ማሌሊት ቡርዧ ኣብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ስትራተጂካዊ መሓዛ ኣይኮነን ምባልካ ዴሳዊ ወያነ ነካይድ ንቡርዧ ንውቃዓዮ ኢኻ ትብል ዘለኻ ኢለ ንግደይ ምኽሳስ ንማርክስ ኤንግልስ ሌኒን እንኮላይ ትኽስስ ከምዘላ ብሩህ እዩ ። ብማሌሊት ኣበሃህላ ስትራተጂካዊ ፈታዊ ዘይኮነ ብቐጥታ ፀላኢ እዩ ዝኸውን ታክቲካዊ ፈታዊ ናይ ምዃን ዕድል የብሉን ወይ መንጎኛ ክኸውን ኣይኽእልን ማለት'ዩ ።

ነዚ ጌጋ መበገሲኡ ማሌሊት ኣብ ቀዳማይ ጉባኤኣ ኣብ ቡርዧ ዝወሰደቶ መርገፂ እዩ ። ኣብቲ ጉባኤ ቡርዧ ዘየተኣማምን ስትራተጂካዊ መሓዛ እዩ ። ንሰለስቲኦም ፀላእቲ እንዳተወላወለ ይወቅዕ እዩ ። ክሳብ ንፀላእቱ ዝወቅዕ ስትራተጂካዊ መሓዛ ይኸውን ። እንተኸዲዑ ድማ ይውቃዕ ፣ ታክቲካዊ መሓዛ ዝኾነሉ ኩነታት የለን ዝብል መርገፂ እዩ ተወሲዱ ።

እዚ ኣረኣእያ ንማሌሊት ኣብ ክትወፆ ዘይትኽእል ዓዘቕቲ ዘፊቕዋ እዩ ። ካብዚ ዝነቐለውን ኣገደስቲ ታክቲካዊ ጌጋታት ትፍፅም ዘላ ።

ማሌሊት ካብ ናይ ባዕላ ዘንባዕ ኣረኣእያ ተበጊሳ ግደይ ንቡርዧ ስትራተጂካዊ ፈታዊ ኣይኮነን ስለዝበለ ንውቃዓዮ ኢሉ እንተበለት ዝገርም ድዩ ? ካብ ኣረኣእያ ሎጂካሊ ክትብሎ ከምትኽእል ርዱእ እዩ ። ማሌሊት ክትሪኦ ዘይትኽእል ዘሎ ኣፈላላይ ግን እዚ ዘስዕብ እዩ ።

ማሌሊት ፦ቡርዧ ስትራተጂካዊ ፈታዊ እዩ እንተኸዲዑ ታክቲካዊ ፈታዊ ኣይኸውንን ፤ ፀላኢ ይኸውን ትብል ፤

ግደይ ፦ ቡርዧ ስትራጂከካዊ ፈታዊ ኣይኮነን ከዲዑ እዩ ታክታካዊ ፈታዊ ወይ መንጎኛ ክኸውን ይኽእል ወይ ፀላኢ ክኸውን ይኽእል ይብል ።

ፀላኢ ክብል ከለኹ እቲ ወያነ ከዲዑ ምስ መስፍንነት ወጊኑ ተሰሊፉ ኣሎ ንምባል እምበር ዴሳዊ ኢኮኖሚያዊ ስጉምቲ /ናይ ናውቲ እቶት ምህጋር ስጉምቲ /ምውሳድ ማለት ኣይኮነን ፡፡ ማሌሊትውን ከምኡ ማለታ እዩ ፡፡

ማሌሊትውን /ሕወሓት ንሰለስቲኦም ፀላእቲ እንዳወቓዕኻ ፕሮግራምካ ግን ጨጋኒ ክኸውን ከምዝኽእል ኣይትፈልጥን ፡፡ ጨጋኒ ወይ ተወላዋሊ ዝብል ኣጠቓቕማ ናይ ማሌሊት ፖለቲካዊ ትርጉም የብሉን ፡፡ ንኣብነት ኣብ መይደይ ቑ.5 ውሽጣዊ መፅሔት ናይ ማሌሊት ስትራተጂካዊ ግንባር ዝምልከት ንሰለስቲኦም ፀላእቲ ዝወቅዕ ቡርዧ ግን ናይ ሽቃላይ ገባርን ምልክነት ዘይተክል ስትራተጂካዊ መሓዛ እዩ ፤ ኣብ ስትራተጂካዊ ግንባር ይሳተፍ እዩ ትብል ፡፡ ናይ ስትራተጂካዊ ግንባር ፖለቲካዊ ዕላማ <u>ናይ ሽቃላይን ገባርን ምልክነት ግድነታዊ ዕማም ጌሩ ክወስድ የብሉን ትብል ፡፡</u>

ናይ ሽቃላይ ገባርን ምልክነት ዘይተክል ፕሮግራም ጨጋኒ እዩ ነቲ ስርዓት ብወያናይ መንገዲ ክልወጥ ኣይደልን ማለት እዩ ፤ ብመሰረቱ እውን ነቲ ወያነ ዘዕውት ፕሮግራም ኣይሓዘን ፡፡ ነዚ ሓይሊ ግን ማሌሊት ክሳብ መወዳእታ ናይቲ ወያነ ይኸይድ እዩ ትብል ፡፡ ብዘይ ናይ ሽቃላይ ገባርን ምልክነትን ዝምስረት ስትራተጂካዊ ግንባር ነቲ ወያነ የዐውቶ እያ ትብል ፡፡ ሓዱሽ ኣስተዋፅኦ ንማርክስነት

ስለዚ ማሌሊት ንቡርዧ ስትራተጂካዊ መሓዛ እዩ ክትብል ከላ ብወታደራዊ ኣሰላልፋ እምበር ብፖለቲካዊ ፕሮግራም ኣንፃር ኣይኮነን ፡፡ እታ ናይ ጉባኤ ውሳነውን ነዚ እያ ተረጋግፅ ማሌሊት ቡርዧ 'እንተኸዲዑ ' ክትብል ከላ ምስ ፀላኢ ዓጢቑ እንተተሰሊፉ ማለት እዩ ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ክውቃዕ ግድነት እዩ ፡፡ ማሌሊታዊ ቅዋምውን ሎጂካዊ ይኸውን። ግደይ ቡርዧ “ኸዲዑ” ክብል ከለኹ ፕሮግራሙ ጨጋኒ ኮይኑ ኣሎ ነቲ ወያነ ዘዕውት ኣይኮነን ማለተይ እዩ ፡፡ ስለዝኾነ ቡርዧ ጨጋኒ ፕሮግራም ሒዙ ብታክቲክ ደረጃ ንፀላኢ ሓቢርካ ክትወቕዐሉ ትኽእል ኩነታት ኣሎ ወይ ድማ መንነኛ ኮይኑ ሱቕ ክብል ይኽእል ወይ ድማ ምስ ፀላኢ ተሰሊፉ ከውቐዕካ ይኽእል እዩ ይብል ኣለኹ ፡፡ ስለዝኾነ ካብ “ኸዲዑ” ዝብል ኣምር ኣጠቓቕማ'ውን ኣፈላላይ ዘለና ምኧኑ ኢና ንርዳእ ፡፡

ግደይ ዴሳዊ ወያነ ነካይድ ኢሉ ንብለካ ዘለና ንቡርዧ ስትራተጂካዊ መሓዛ ኣይኮነን ብምባልካ ጥራሕ ኣይኮነን ካብቶም መርገፅታትካ ተበጊስና እውን እዩ ክንብል ትኽእል ማሌሊት ፡፡ ነዚውን ኣብሪህናዮ ክንሓልፍ ኣገዳሲ ክኸውን እዩ ፡፡

ነዚ ንምርኣይ ክሕግዘና እቶም ምስ ማሌሊት ዝተፈላለይናሎም ነጥብታት ሕፅር ብዝበለ መንገዲ ከነቐምጦም፡ -

1) ሕቶ መንግስቲ ኣብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ብዝምልከት

ሀ) ናይ ሶቭየትስ ስልጣን ምትካል ፡፡ እቶም ዝትከሉ ሶቭየትስ ድማ እዚ ዝስዕብ ጠባይ ኣለዎም ፡-

- ✓ ብህዝባዊ ዓመፅ ዝትከል ስልጣን ምኧኑ
- ✓ እቲ ፖሊስን ሰራዊትን ብዕጡቕ ህዝባዊ ሓይሊ /ሽቃላይን ገባርን /ዝቕመን ንህዝቢ ዘገልግል ምኧኑን
- ✓ መራሕቲ ብህዝቢ ዝምረፁን ዝመርፁን ኮይኖም ህዝቢ ኣድላይ ኾይኑ ኣብ ዝሰምዕ እዋን ዝተይቕዎ ቢሮክራሲያዊ ኣሰራርሓ ዘይብሉ ፤ መሃያ ናይ መራሕቲ ከምቲ ናይ ንፉዕ ሽቃላይ ደረጃ ይኸፈሎም፡፡ ዝተፈለየ ክብርን መልዕሎን መራሕቲ ኣይህልዎምን ፡፡

ለ) እቲ መንግስቲ ናይ ሸቃላይን ገባርን ምልክነት እዩ። ናይ ገባርን ሸቃላይን ረብሓ ይሕሉ ማለት እዩ፡፡ ክሳብ ሕዚ ምስ ማሌሊት ኣይንፈላለን፡፡ እዚኦም ድማ እዮም ኣብ ፕሮግራም ማሌሊት ሰፊሮም ዘለዉ ፡፡

ኣፈላላይና ድኣ እንታይ እዩ ? ኣነ ነዚ ላዕለዋይ ኣመሰራርታ መንግስቲ ተቐቢለ ሶቭየትስ ብኣቃውመኦምን ንሓፋሽ በዝህብዎ ዲሞክራሲን ካብ ቡርዧ ዲሞክራሲ ብዓይነት ዝተፈለዩን ኣብ ክሊ ናይ ሸቃላይ ዲሞክራሲ ዝሰርዑን እዮም፡፡ ከምኡውን እዚ መንግስቲ ናብ ዴስነት ብሰላም ከሰጋግረና እንተኾይኑ ናይ ኮሚዩኒስት ፓርቲ ልዕልነት ክረጋገፅ ኣለዎ፡፡ እቲ ኮሚዩኒስት ፓርቲ ኣብቲ ዝቐውም መንግስቲ ወሳናይ ወይ ዓብላላይ ግደ ክህልዎ ኣለዎ፡፡ እዚ ማለት ድማ መንግስቲ ብመረፃ ዝትከል ስለዝኾነ ተመሪፆም ዝኣትው ዝበዝሕ ድምፂ ዝሕዙ ኣባላት ወይ ደገፍቲ ናይቲ ኮሚዩኒስት ፓርቲ ክኾኑ ኣለዎም ማለትዩ፡፡ ከምዚ ዓይነት ትሕዝቶ ዘለዎ መንግስቲ ድማ ናይ ሸቃላይ ምልክነት ጠባይ ዘለዎ እዩ ናብ ዴስነት መሰጋገሪ ድማ ይኸውን እብል፡፡ ማሌሊት ግን ኣይኮነን ናይዚ መንግስቲ ጠባይ ናይ ንኡስ ቡርዧ እዩ እያ ትብል፡፡ ኣብቲ ዝቐውም መንግስቲ ኮሚዩኒሰት ፓርቲ ዓብላላይ ተራ ክህልዎ ከምዝኽእል ማሌሊት'ውን ትቃወም ኣይመስለንን ጥራሕ ዘይኮነስ ግድነት ክኸውን ይግባእ እያ ትብል ፡፡

ስለዚ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ጠቒስናያ ዘለና ኣፈላላይ ኣብቲ ክቐውም ኣለዎ ዝበልናዮ መንግስቲ ኣብ (ሀ) ን (ለ) ን ተጠቒሱ ዘሎ ፕሮግራም ዝኸተሎ ዋላ ሓንቲ ለውጢ የለን፡፡ ዝመፀ ለውጢ ኣሎ ትብል እንተኾይና ማሌሊት ትጠቁመና። ብወገነይ ግን ዝሓበርኩዎ ካልእ ፕሮግራም የለን ፡፡

2/ ናይ ኢኮኖሚ ሕቶ ኣብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ብዝምልከት

- ካብ ሃፀይነት ነፃ ዝኾነ ኢኮኖሚ ምህናፅ
- ናይ ሃፀያውያን ቢሮክራሲያውያን ርእሰ ማልነት መሳፍንቲ ናውቲ እቶት ምህጋር መሬት ተሃጊሩ ንገባር ብማዕረ ይምቓቐል ፡፡
- ባንክታት፣ ካልኦት ናይ ገንዘብ ትካላትን ዓበይቲ እንዱስትሪታትን ፣ መጓዕዝያን መራኸቢ ማዕኸናት፣ ናይ ተፈጥሮ ሃብትን ማዕድናትን ፣ ናይ ሓይሊ ምንጪ ወዘተ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ይኾኑ ፡፡
- ናይ ወፃኢ ንግዲ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ይኸውን ፡
- ውልቃዊ ርእሰ ማልነት ኣብቲ ኢኮኖሚ ክሳተፍ ይፍቀድ
- እቲ ኢኮኖሚ ንሓፋሽ ብዝጠቅም መንገዲ ይንቀሳቐስ

እዚ ተጠቒሱ ዘሎ ኢኮኖሚየዊ ፕሮግራም ማሌሊት ትድግፎ ኣነውን እድግፎ ፡፡

ኣፈላላይና ድኣ እንታይ እዩ ? ኣነ ነዚ ተጠቒሱ ዘሎ ኢኮኖሚያዊ ፕሮግራም ወሳናይ መልክዑ መንግስታዊ ርእሰ ማልነት እዩ፡፡ መንግስታዊ ርእሰ ማልነት ድማ ኣብ ትሕቲ ዲሞክራሲያዊ ምልክነት ሸቃላይን ገባርን ብሶሺታዊ መንግስቲ እንተተኻይዱ ናብ ዴስነት መሰጋገሪ እዩ ናይ ስግግር ጠባይ ኣለዎ እብል፡፡ ማሌሊት የለን ቅድሚ ዴሳዊ ወያነ ምክያድ ስግግር ናብ ዴስነት ዝበሃል የለን ትብል ኣብዚ ንፈላለ ፡፡

እዚ ኣፈላለይና ግን ሕዚውን እንተኾነ ነቲ ብፕሮግራም ደረጃ አቐሚጥናዮ ዘለና ኢኮኖሚያዊ ስጉምቲታት ዝቕይር ኣይኮነን ነቲ ተቐሚጡ ዝኒህ ኢኮኖሚያዊ ፕሮግራም ዝፃረር ዴሳዊ ስጉምቲ ክውሰድ ኣለዎ ዝብል ሓሳብ ኣየቕረብኩን ማሌሊትውን ንመረዳእታ ከተቕርብ ኣይትኽእልን ፡፡

ስለዚ ምስ ማሌሊት ዘለና ናይ ፕሮግራም ኣፈላላይ ኣነ ኣብ ዘቕረብኩዎ ኣብ ናይ ስልጣን ሕቶን ኣብ ናይ ኢኮኖሚ ሕቶን ዝተደረኸ ኣይኮነን፡፡ ነዞም ነጥብታት ዝምልከት ዘቕረብኩዎ ሓሳባትውን ምንም ዴሳዊ ስጉምቲ ኣይሕብርን፡፡ ናይ ዴሳዊን ዲሞክራሲያዊያን ዶባት ምሕሙዛቕውን ኣይሕብርን ፡፡

ናይ ፕሮግራም አፈላላይና ድኣ ካብ ምንታይ እዩ ዝብገስ ነዚ ንምምላስ መጀመርያ እቲ ፕሮግራም እንታይ ይብል ምፍላጥ ከድሊ እዩ፡፡ ፕሮግራም ኣብ ሓደ ውሱን መድረኽ ክፍፀሙ ዝገበኦም ግብራዊ ዕማማት እዮም፡፡ ዝተፈላለየ ኣረኣእያ ወይ ድማ ኣዲዮሎጂ ዘለዎም ሓይልታት ኣብ ሓደ ሓበራዊ ፕሮግራም ክሰማምዑ ይኽእሉ እዮም፡፡ ነዚ ሓበራዊ ፕሮግራም ግና ብናይ ባዕሎም ኣይዲዮሎጂ ኣተሓሳስባን ክተንትንዎ ይኽእሉ ፡፡

ንኣብነት ኣብ ኢትዮጵያ ፀረ ደርግን ፀረ ኢድ ኣእታውነት ሶቭየት ሕብረትን ናይ ሓባር ፕሮግራም ክቕመጥ ይኽእል፡፡ ሓደ ኮሚዩኒስት ፓርቲ ንሶቭየት ሕበረት ፀላኢ ክብል ከሎ ፖለቲካዊ ኢኮኖሚያዊ ተንቲኑ <u>ሃፀያዊት</u> ሓይሊ ብምኳናን ኢሉ ኣብ ኢትዮጵያ ብምእታዋን ክኸውንዩ፡፡ ሓደ ቡርዧ ፓርቲ ግን ንሶቭየት ሕብረት <u>ኮሚኒስት</u> ብምኳና ወራሪት ሓይሊ እያ፡፡ ካብ ዓድና ክትወፅእ ኣለዋ ብዝብል ክኸውን እዩ፡፡ ኣብቲ ናይ ኮሚዩኒስት ፓርቲን ናይ ቡርዧ ፓርቲን ንሶቭየት ሕብረት ዝፀልእሉ መበገሲ ዝተፈላለየ እዩ፡፡ ክሳብ ብግብሪ ክልቲኦም ንናይ ሶቭየት ሕብረት ኢድ ኣእታውነት ዝተቓለሱ ግን ብሓደ ክቃለሱ ይኽእሉ እዮም፡፡

ካልእ ኣብነት ኣብ ናይ ሩስያ ወያነ ሶቭየት ሪቮሉሽነሪ ዝበሃሉ ናይ መሬት ምህጋር ሕቶ ኣፀቢቖም ይድግፉ ነይሮም። እዚ ናይ ምህጋር ስጉምቲ ግና ከም ሓደ ዴሳዊ ስጉምቲ ይርእይዎ ነይሮም፡፡ ማዕረ መሬት መቐሎ ብምክያድ ፍትሓዊ ዴሳዊ ስርዓት ካብ ገፀር ክምሰረት እዩ ዝብል ኣረኣእያውን ስለዝነበሮም እዩ፡፡ ብኻሊእ ወገን ቦልሼቪክ ፓርቲ ናይ መሬት ምህጋርን ማዕረ መቐሎን ይድግፉ ነይሮም ግን ዴሳዊ ስጉምቲ ኣይኮነን እዮም ዝብልዎ ነይሮም፡፡ ሶሻሊስት ሪቮሉሽናሪ ቦልሼቪክን ኣብ መሬት ምህጋርን ንገባር ክመቓቐል ምግባርን ኣብ ግብራዊ ይሰማምዑ በዚ ድማ ሓበራዊ ፕሮግራም ይህልዎም ሶሻሊስት ሪቮሉሽናሪ <u>ዴሳዊ</u> ስጉምቲ ንወሰድ ኣለና ይብሉ፤ ቦልሼቪክ ፓርቲ ግን ንመሰፍንነት ብሙሉእነት ዝድምሰሰ ዲሞክራሲያዊ ስጉምቲ ንወስድ ኣለና ይብሉ ፡፡

ስለዚ ኣብ ሓደ ፕሮግራም እንዳተኻፈልካ ከለኻ ናይ ኣረኣእያ ኣፈላላያት ክህለወካ ይኽእል ማለት እዩ ፡፡ እቲ ናይ ኣረኣእያ ኣፈለላያት ኣብ ክሊ ሓደ ኣይዲዮሎጂ ክኸውን ይኽእል ወይ ኣብ ክሊ ዝተፈላለዩ ኣይዲዮሎጂ ክኸውን ይኽእል፡፡ ካብዚ ብምብጋስ ድማ ቅድሚ ምስረታ ማሌሊት ዝነበረና ናይ ኣረኣእያ አፈላላያት ኣብ ፕሮግራም ከይተፈላለና ዝነበረና አፈላላይ እዩ ፡፡ ኣፈላላይናውን ንማርክስን ሌኒንን ናይ ምዕሚቕ ሕቶ እዩ ፤ በዚ ምኽንያት እውን ኣፈላላይና ኣካዳሚክ እዩ እብሎ ነይረ ፡፡ ናይ ሕዚ ኣፈላላይ ግን ናይ ፕሮግራም ኣፈላላይ ኣብ ክሊ ማርክስ ሌኒናዊ መስመር ብሓደ ወገን በቲ ካሊእ ቡርዧ መስመር ዘሎ ኣፈላላይ እዩ ፡፡ እዚ ከመይ እዩ? ዝብል ንርአ ፡፡

ማሌሊት ሃገራዊ ቡርዧ ስትራጂካዊ ፈታዊ እዩ ብምባላ ቀጥታ ነቲ ፕሮግራም ዝትንክፍ በዚ ኣረኣእያ ዝተቓነየ ስትራተጂን ታክቲክን ክንክተል ግድነት እዩ ፡፡ ካብዚ ዝነቐለ ክሳብ ሕዚ ዘርኣየቶም ክንጠቅስ ፡-

1) ሃገራዊ ቡርዧ ስትራተጂካዊ ፈታዊ ስለዝኾነ ኣብ ስትራጂካዊ ግንባር ክሳተፍ ኣለዎ ፡፡ ፕሮግራም ናይቲ ስተራተጂካዊ ግንባር ናይ ሽቃላይን ገባርን ምልክነት ምትካል ግድነት ኮይኑ ከም ረቛሒ

ከቕመጥ የብሉን ትብል ማሌሊት ፡፡ ብወገነይ ናይ ሽቃላይን ገባርን ምልክነት ከም ዕማም ዘይቕበል ስትራተጂካዊ ግንባር ዝበሃል የለን  ስለዚ ግድነታዊ ረቛሒ ከኸውን ኣለዎ እዩ ፡፡ ስለዚ ኣብ ግብራዊ መስርሒ ኣብ ዘኾነና ፕሮግራም ተፈላሊና ኣለና ማለት'ዩ  ፡፡

2) ማሌሊት ቅድሚ 71 ዓ.ም ታክቲካዊ ግንባር ከምስረት ኣይኽእልን ትብል ፡፡ እዚ ምስ ቡርዧ ከተሓሓዝ ከሎ ሃገራዊ ቡርዧ ስትራተጂካዊ ፈታዊ እንተዘይኮይኑ ፀላኢ እዩ ካብ ዝብል ናይ ማሌሊት ኣረኣእያ ዝብገስ እዩ ፡፡ ብወገነይ ድማ ንሰለስቲኦም ፀላእቲ ዝወቅዕ ጨጋኒ ዝኾነ ፕሮግራም ክህሉ ይኽእል እዩ ፡፡ ንኣብነት ናይ ቡርዧ ፕሮግራም ፤ ስለዝኾነ ድማ ታክቲካዊ ግንባር የድሊ ፡፡ ካልእ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ግድነት ብሓደ ጊዜ ነቲ ስትራተጂካዊ ዕላማ ይቕበሎ ማለት ኣይኮነን ፡፡ እቲ ህዝቢ ንገዚኡ መሪሩ ብዝስምዖ ጭርሖታት ክለዓል ይኽእል ፡፡ ስለዝኾነ ነዚ ስምዒታት ናይ ህዝቢ ተደሪኽን ጨጋኒ ወይ መለስተኛ ፕሮግራም ሒዘን ክብገሳ ዝኽእላ ሓይልታት /ውድባት ክፍጠራ ይኽእላ እየን ፡፡ ነዚኣን ዘተኣኻኽባ ታክቲካዊ ግንባር ድማ የድሊ እብል ፡፡ ኣብዚውን ታክቲካዊ ግንባር ይፀዋዕ'ዶ ኣይፀዋዕ ኣብ ዝብል ኣብ ናይ ፕሮግራም ሕቶ ተፈላሊና ኣለና ማለት እዩ ፡፡

3) ብፖሊሲ ደረጃውን አፈላላይ ክህልወና ግድነትዩ ፡፡ማሌሊት ቡርዧ ስትራተጂካዊ ፈታዊ ስለዝኾነ ክትንከፍ የብሉን ፡፡ ስለዝኾነ ንዕኡ ዝንድእ ህዝባዊ ድንኳናት ምትካል ትኽክል ኣይኮነን ትብል ፡፡ ካብዚ ተበጊሳውን ህዝባዊ ድንኳናት ስረሓን ክቋረፃ ገይራ ፡፡ ብወገነይ ድማ ህዝባዊ ድንኳናት ነቲ ገባርን ሽቃላይን ክሳብ  ዝጠቕማ ናይ ቡርዧ ረብሓ ብዘየገድስ ክቕፅላ ኣለወን ፡፡ ቡርዧ ኣብ ነፃ ውድድር ናይ ዕዳጋ ተወዳዲሩ እንተተሳዒሩ ንቡር ናይ ርእሰማልነት ከይዲ እዩ ፡፡ ስለዝኾነ ህዝባዊ ድንኳናት ኣብ ናፃ ናይ ዕዳጋ ነቲ ቡርዧ እንተተሳቲፉ ዴሳዊ ስጉምቲ ኣይኮነን ፡፡ ንግዲ ብህዝባዊ ድንኳናት ክጥርንፍ እንተኺኢሉ ድማ ናብ ዴስነት ዓብይ ስጉምቲ እዩ ፡፡ ምኽንያቱ ህዝባዊ ድንኳናት ሓደ ጨንፈር ናይ መንግስታዊ ርእሰማል ስለዝኾና መንግስታዊ ርእሰማል ኣብ ትሕቲ ዲሞክራሲያዊ መንግስቲ ዓብይ ስጉምቲ ናብ ዴስነት ምዃኑ ማርክስ-ሌኒናዊ ሓቂ እዩ ፡፡ እዚ ስጉምቲ ንባዕሉ ግን ዴሳዊ ኣይኮነን ፡፡ ኣብዚ እውን ምስ ናይ ቡርዧ ተሓላቒት ማሌሊት ተፈላሊና ኣለና ማለት እዩ ፡፡

ስለዚ ምስ ማሌሊት ዘለና አፈላላይ ግደይ ዴሳዊ ፕሮግራም ስለዘምፅአ ዘይኮነስ ማሌሊት ንዲሞክራሲዊ ወያነ ዘየዐውት ኣረኣእያን ፕሮግራምን ስለዝሓዘት እዩ ፡፡ ኣፈላላይና ዲሞክራሲያዊ ወያነ ዘዐውት ፕሮግራም ኣብ ምኽታልን ዘይምኽታልን እዩ ፡፡ ማሌሊት ንሃገራዊ ቡርዧ ከትሕለቕ ክትብል ንባዕላ ኣብ ናይ ቡርዧ መስመር ተዘፊቓ እያ ፡፡ ግደይ ዴሳዊ ወያነ ነካይድ ኢሉ ዝብል መፀለምታ ነዚ ድኽመታ ክትሓብእ ስለዝደለየት ጥራሕ እዩ ፡፡ ተፈጥሮኻ ብተግባር ክንፀባርቕ ግድነት ስለዝኾነ ማሌሊትውን እንታይነት ኣብ ተግባራዊ ምንቅስቓስ ኣብ ፕሮግራማ ክንፀባረቕ ግድነት ኮይኑ እዩ ፡፡ቡርዧ ስትራተጂካዊ ፈታዊ እዩ ዝብል ጉጉይ መስመር ምኽታል ዝጀመረት ማሌሊት ምስተመሰረተት እዩ ፡፡ ነዚ ማርክሰ ሌኒናዊ ካባ ለቢስካ ዝግበር ዘሎ ሸቕጥን ምድንጋርን ንምግላፅ ኢናውን **“ፍሬቻ ንፀጋም ጉዕዞ ንየማን ”** ክንብሎ ንግደድ ዘለና ፡፡

መለስ ናይ ዴሳዊ ወያነን ናይ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ዕማማትን ዶብን ከተሓማዞቕ የብሉን ዝብለ ኣዘራርባ ሰሚዑ'ሎ ነዚኣውን ሽሕን ሚእቲን ጊዜ ይደጋግማ እዩ ግን ትርጉማ እንታይ ማለት ምዃኑ ከይፈለጠ ፡፡ መለስ ሽቃላይ ስልጣን ሒዙ ዲሞክራሲያዊ ዕማማት ክካየድ የብሉን ዝብል ኣበይ መፅሓፍ ረኺብካ'ዮ?

ግደይ ኣብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ናይ ሽቃላይ ምልክነት ክትክል ይኽእል ስለዝበለ ናይ ዴሳዊ ወያነን ዲሞክራሲያዊ ወያነን ዶብ ጥሒሱ ይብል መለስ /ማሌሊት / ርሑቕ ከይከድና መለስ ነታ ሌኒን ምስ ኩሎም ገባራት ምሕዝነት ይብል እዩ ንዝብል መረዳእታ ሃሰውሰው ኢሉ ዝረኸበሉ መፅሓፍ ብዛዕባ ናይ ሽቃላይ ምልክነት ኣብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ዝምልከት እንታይ ከምዝብል ንመልከት ፡፡

ኮትስኪ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ስለዘይተወደአ ሽቃላይ ስልጣን ክሕዝ የብሉን ኢሉ ይካታዕ ስለዝነበረ ነዚ መልሲ ክህብ ከሎ ሌኒን ኣብ መንጎ ዴሳዊ ወያነን ዲሞክራሲያዊ ወያነን ዝፈልዮም ናይቶም ሓይልታት አሰላልፋ ምዃኑ፤ ከሳብ እቶም ድኻን ማእከላይ ገባርን ኣብ ትሕቲ ፅልዋ ናይ ኩላክን ቡርዧን ዝኾኑ እቲ ወያነ ካብ ዲሞክራሲያዊ መድረኹ ኣይምሓለፈን ነይሩ ፡፡ እቲ ሽቃላይ ነቲ ድኻ ገባር ካብቶም ኩላክን ቡርዧን እንተነፂሉዎም ኣብ ጎኑ ክስለፉ እንተገይሩ ግን እቲ ወያነ ናብ ዴሳዊ መድረኹ ክሓልፍ ይኽእል ። ኣብ ሩስያውን ከምኡ ኢና ገይርና ድሕሪ ምባል ኣብ ቅንፍ ዋላ እቲ ወያነ ካብ ዲሞክራያዊ መድረኹ ዘይሓልፍ እንተዝነብርውን እቲ ሽቃላይ ስልጣን ክሕዝ የብሉን ዝብል ሞገት ከመፅእ ኣይኽእልን ይብል ፡፡ካብ ቃሉ ንስማዕ …

“…እቲ ነገር ዋላ ከምኡ እንተዝነብር እውን /ማለት እቲ መድረኽ ናይ ዲሞክራሲያዊ እንተዝነብርውን-ናተይ / ሽቃላይ ስልጣን ክሕዝ የብሉን ማለት ኣይኽውንን ፤ ምኽንያቱ እቲ ሽቃላይ ጥራሕ እዩ ኣገዳሲ ፍፃመታት ገይሩ ናብ ዴሳዊ ወያነ ክፅጋዕ ገይሩ ዘሎ ፡፡ እቲ ሽቃላይ ጥራሕ እውን እዩ ድሕሪ ፓሪስ ኮሚዩን ናይ ሶቭየት ስልጣን ናብ ዴስነት መሰጋገሪ ክተክል ዝኽእል፡፡[16] ይብል

መለስ ነታ “ኩሎም ” ገባራት ትብል ዝጠቐሰላ መፅሓፍ ኣርባዕተ ገፅ ወሲኹ ከምንበበ ምረኸባ ነይሩ ፡፡ ንባዕሉ እውን ኣብ ዘየድሊ ምሕሙዛቕ ኣይምኣተወን ነይሩ ፡፡ ካብዚ ብዝተረፈ እቲ ልዕል ኢልና ዝረኣናዮ ንፓሪስ ኮሚዩን ሌኒን ዲሞክራሲያዊ ዕማም እዩ ....ዝብል ምውሳኽ ይከኣል ፡፡

ካሊእ ተሓማዚቑ ኢሉ መለስ ዝበኸየሉ ናይ ኢኮኖሚያዊ ስግግር ኣብ እዋን ዲሞክራሲያዊ ወያነ ክጅምሮ ይከኣል ስለዝበልኩ እዩ ፡፡ መንግስቲ ርእሰማልነት ኣብ ትሕቲ ናይ ሽቃላይ ምልክነት ትሕቲ ናይ ሶቭየት መንግስቲ /ናብ ዴስነት መሰጋገሪ እዩ ሌኒን ከም መሸጋገሪ ዝብሉ ኢኮኖሚያዊ ስጉምቲ መንግስታዊ ምልክነት እዩ ፡፡ እዚ መንግስታዊ ርእሰ ማልነት ኣብ እዋን ዲሞክራሲያዊ ክትክል ይኽእል ፡፡ ባዕላ እዛ ኢኮኖሚያዊ ስጉምቲ እዚኣ ናይ ዴስነት ጠባይ አይኮነትን ናይ መሰጋጋሪ ጠባይ ግን ኣለዋ ፡፡ ናብ ዴስነት ክትሰግር ናይ ሽቃላይ ምልክነት የድልያ ፡፡ እዚ ናይ ሽቃላይ ምልክነት ኣብ እዋን ዲሞክራሲያዊ ወያነ ከምቲ ልዕል ኢልና ዝረኣናዮ ክትክል እንተኺኢሉ ናብ ዴስነት መሰጋገሪ እዩ ዘይንብለሉ ምኽንያት ክህሉ ይኽእል ? ምናልባት ማሌሊት ዘይርእሰማላዊ ኣገባብ ምስ ናብ ዴስነት ዝብል ሌኒናዊ ክልሰ ሓሳብ ኣብ እዝና ዘይበፅሖውን ክኸውን ይኽእል ፡፡

ናብ ኣፍደገ ዴስነት ዝቐረበ ኢኮኖሚያዊ ከይዲ ናይ ርእሰማላዊ ሕብረተሰብ ኣብ መንግስታዊ ርእሰማልነት ደረጃ እንተበፂሑ እዩ ፡፡ ነዚ ደረጃ ቅድሚ ዴሳዊ ወያነ ምክያድና ኣብ እዋን ዲሞክራሲያዊ ወያነ ከለና ክብፃሕ ይኽእል ወይ ድሕሪ ዴሳዊ ወያነ ምክያድ ጎና ጎኒ ምስ ዴሳዊ ስጉምቲታት ኣብ ዝለዓለ ደረጅኡ ክበፅሕ ይኽእል ፡፡ ስለዝኾነ መንግስታዊ ርእሰ ማልነት ምትካል ናይ ዴሳዊ ናይ ዲሞክራሲያዊ ዶብ ጥሒሱ ተሓማዚቑ ዝበሃለሉ ምኽንያት የለን ፡፡

# ትርጉም ናይ ኣፈላላይና

ኣብ መወዳእታ ናይዚ ፅሑፍ ናይ ኣፈላላይና ትርጉም እንታይ ማለትዩ ዝብል ሕፅር ብዝብለ ኣጠቓሊልናዮ ምሕላፍ ኣገዳሲ እዩ ፡፡ ናይ ማሌሊት መስመር ተኸቲልና እንተኸይድና መዐረፊና ከመይ ከምዝኸውን ቀቒልና ንርአ ፡-

1) ሃገራዊ ቡርዧ ስትራተጂካዊ መሓዛ እዩ ስለዚ ኣብ ስትራተጂካዊ ግንባር ይካፈል ፡፡ በዚ ምኽንያት ድማ እቲ ብስትራተጂካዊ ግንባር ዝምሰረት ገዜያዊ "ወያናይ " መንግስቲ ናይ ሸቃላይን ገባርን ምልክነት ክተክል ግድነት ኣይኮነን። እዚ ካብ ናይ ማአ መስመር ብምንታይ ይፍለ ? ማሌሊት ናይ ሰለስቲኦም "ወየንቲ "ደርብታት /ቡርዧ፣ንኡስ ቡርዧ፣ሸቃላይ /መንግስቲ ይትከል ትብል ኣላ ፡፡

ብሌኒናዊ ኣዘራርባ ጊዜያዊ ወያናይ መንግስቲ ይተከል ክብል ከሎ ናይ ሸቃላይን ገባርን ምልክነት ይተከል ማለት ምኳኑ ኢና ንፈልጥ ፡፡ ብሌኒናዊ ኣዘራርባ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ክዕወት ዝኽእል ናይ ሸቃላይን ገባርን ምልክነት ዘለዎ ጊዜያዊ ወያናይ መንግስቲ ክተክል እንተኺኢሉ እዩ ፡፡ ብማሌሊታዊ ኣዛራርባ ግን ብዘይ ናይ ሸቃላይን ገባርን ምልክነት ዲሞክራሲያዊ ወያነ ክዕወት ይኽእል እዩ ናብ ዝብል ኢና ንበፅሕ ፡፡ ምኽንያቱ ጊዜያዊ ወያናይ መንግስቲ ክንተክል እንተኺኢልና እቲ ወያነ ተዓዊቱ ኣሎ ማለት እዩ ፤ ብናይ ማሌሊት ኣዘራርባ ድማ እዚ ጊዜያዊ መንግስቲ'ዚ ናይ ሸቃላይ ገባርን ምልክነት ክኸውን ግድነት ኣይኮነን ፡፡ ማሌሊትውን ሓዱሽ ክልሰ ሓሳብ ንማርክስን ሌኒንነትን ኣበርኪታላ ማለት እዩ ፡፡

ናይ ማሌሊት መስመር ናብ ናይ ማአ መስመር ዝወስደና ፤ ኣብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ናይ ሸቃላይን ገባርን ምልክነት ኣየድልን ፤ ናይ ሶቭየትስ ስልጣን ኣየድልን ፣ ናብ ዝብል ክላሲ መስመር ዝወስደና ምኳኑ ብሩህ እዩ ፡፡

2) ማሌሊት ናይ ሸቃላይን ገባርን ምልክነት /ሶቭየትስ / ናይ ፔቲ ቡርዧ ዲሞክራሲ እዮም ትብል ፡፡ ካብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ናብ ዴሳዊ ወያነ በዚ ናይ ሶቭየትስ ስልጣን ብሰላም ክትሰጋገር ትኽእል ኢኻ ትብል ፡፡ እዚ ማለት ድማ ናይ ንኡስ ቡርዧ ዲሞክራሲ ናብ ዴስነት ብሰላም ክሰግር ይኽእልዩ ዝብል ኣሎ ፡፡ ንሕና ብማርክስ-ሌኒናዊ ክልሰ ሓሳብ እንፈልጦን እንርደኦን ናብ ዴስነት ንምስጋር ድሌትን ዓቕምን ዘለዎ እቲ ሸቃላይ ጥራሕ እዩ፡፡ ካብ ርእሰ ማላዊ ስርዓት ናብ ዴሳዊ ስርዓት ዝግበር ስግግር ድማ ዝኾነ ዓይነት መልክዕ ይኩተል ብናይ <u>ሸቃላይ ምልክነት</u> ጥራሕ እዩ ክግበር ዝኽእል ፡፡ ስለዚ ናይ ማሌሊት መስመር ነዚ መሰረታዊ ኣረኣእያ ማርክስ-ሊኒንነት ዝፃረር እዩ ፡፡

ካልእ ማሌሊታውያን ኣረኣእያ ሓደ መልክዕ ናይ ክሩስቼቫዊ ኣረኣእያ እዩ ፡፡ ክሩስቼቫዊ ኣረኣእያ ኣብዚ እዋን ኣብ ዘይማዕባለ ሃገራት ዝካየድ ዲሞክራሲያዊ ወያነ እቲ ሸቃላይ በዝሒ ስለዘይብሉን ንቕሓቱ ትሑትን ድልዱል ውዳብ ስለዘይብሉ እቲ መሪሕ ተራ ዝፃወት እቲ ምሁር ንኡስ ቡርዧ እዩ ፡፡ ስለዝኾነ ንኡስ ቡርዧ ስልጣን ሒዙ እቲ ዲሞክራሲያዊ

ወያነ ናብ ዴስነት ክሰግር ይኽእልዩ ይብል ፡፡ ኣብ መንጎ ማሌሊታውያንን ኩሩስቼቫዊን ኣረኣእያ እንታይ ኣፈላላይ ኣለዎም ምንም የብሎምን ! ማሌሊት ናተይ ንኡስ ቡርዧ ዲሞክራሲ ካብ ናይ ክሩስቼቭ ንኡስ ቡርዧ ዝተፈለየ እዩ ምኽንያቱም ናተይ ናይ ኮሚዩኒስት ፓርቲ መሪሕነት ሰለዘለዎ ትብል እያ ፡፡ እዚ እንታይ ማለት እዩ ትርጉም ዘይብሉ ኣቀራርባ እዩ ፡፡ ኩሉ ንኡስ ቡርዧ ዲሞክራሲ ዝተፈላለየ መልክዕ ይሃልዎ ናብ ዴስነት ክሰግር ኣይኽእልን። ማሌሊት እቲ ኣፈላላይ ናይ መልክዕ (form) ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ትሕዝቶ እውን'ዩ ትብል እንተኾይና ድማ "ናተይ ንኡስ ቡርዧ ዲሞክራሲ ኣይኮነን "ክትብል ክትግደድ እያ ማለት'ዩ ማሌሊት በትን በዝን ኣላኺዓ ክተደናግር እንተተፈተነትውን ፈጢጡ ዝረአ ጌጋ ስለዝኾነ ኣይትኽእልን ፡፡

"ማሌሊት እንትትቅላዕ " ተኸታታሊ ፅሑፍ ክምዝደልዮ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኣብ ቀፃሊ ካብዞም አልዒልናዮም ዘለና ነጥብታት ገሊኦም ግፍሕ ዝበለ ክልሰ ሓሳባዊ ትንተናታት ተወሲኽዎም ካልእ ድማ ንዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ኣብ ማሌሊት ኣሎ'ዶ ንዝብል ክምልሱ ዝኽእሉ ፅሑፋት ተዳሊዮም ክወፁ እዮም ፡፡ ንግዚኡ ኣብዚ ጠጠው ኣቢልና ኣለና ፡፡

ፅሬትን ብስለትን ንወያነ ኢትዮጵያ !
ዕንወት ንፋሽሽቲ ደርግን ዓንገልቱን !

# ሊጋብ

ካብቶም ተጠቒሶም ዘለዉ ጥቕስታት ናይ ገሊኦም እንግሊዘኛን ትርጉመምን ቐፂለ
ኣቕሪበዮም ኣለኹ ፡-

5 “The rural poor will take the first step together with all peasants : a few kulaks may fall out, perhaps one peasant in a hundrerd is willing to put up with any kind of bondage. But the overheleming mass of the peasants will, as yet, advance as one whole as the peasants want equal rights …”

6 “…Hence the compenasation schem will strengthen the rich peasants at the expense of the poor; it will disunite the peasantry and thereby weaken its struggle for complete freedom and for all the land . The compensation scheme is a bait held out to the more prosperous section of the peasantry to induce it to desert the cause of freedom and to go over to the side of the old authorities . …”

7 “Things have turned out as we said they would .The course taken by the revolution has confirmed the correctness of our reasoning . First, with the 'Whole' of the peasants against the monarchy against the land owners, against the medievalism ( and to that extent the revolution remains bourgeose, bourgeose –democratic .) Then, with the poor peasants, with the semi proreltariate, with all the exploited, against capitalists, including the rural rich, the kulaks, the profiteers, and to that extent the revolution becomes a socialist one. To attempt to raise an articificail Chinese wall between the first and second, to separate them by any thing else than the degree of preparedness of the proletariat and the degree of its unity with the poor peasants, means to distort Marxism deadfully, to vulgaries it, to substitute liberalism in its place . …” Sel. wks vol.3 P.75

8 “comrade Kemenev has some what overreached himself in his eagerenese and has repeated the bourgeose prejudice about the paris commune having wanted to introduce Socialism 'immediately '. This is not so. The commune unfortunately , was too slow in introducing socialism the real essense of the commune is not where the bourgeose

usually looks for it, but in the creation of the state of special type …” coll. works vol. 24

9 “…It is this feature that constitutes the very essence of the commune, which has been mis represented and slandered by the bourgeose writers, and to which has been erroneously ascribed, among other things, the intention of immediately 'introducing ' socialism.” Sell. wks v.2 p.62

10 “..Its true secret was this, it was essentialy a working class goverenement, the result of the struggle of the producing against the appropriating class, the poltical form at last discovered under which the economic emanicipation of labour could be accomplished . …” State and revolution sel. wks v2. p 2

11 “The commune is the first attempt by a proletarian revolution to smash the bourgeose sate machine; and it is the poltical state “at last discovered ” by which the smashed state machine can and must be replaced. Ibid. p 278

12 “Our small historic reference seems to us not uninstructive. It teaches us first of all that the participation of representative of the socialist proletariat with the petty bourgeose in a revolutionary government is in principel entirely permissible, and in certain conditions a direct obligation. It shows us further that the real task which the commune had to carry out was above all to put into effect a democratic, and not a socialist dictatorship, to carry out our minimumum programme . ….”

15) “First stage. 1903 to Feberuary 1917. Objective to overthrow tsarism and completly wipe out the survivals of medivalism. The main force of the revolution: the protelariat. Immediate reserve the pesantry. Direction of the main blow: the isolation of the liberal–monarchist bourgeoisie which was striving to win over the peasantry and liquidate the revolution by a compromise with tsarism. Plan for the disposition of forced alliance of the working class with the peasantry .

“The proletariat must carry to completion the democratic revolution, by allying to itself the mass of the peasantry inorder to crush by force the resistance of the autocracy and to paralyase the instability of the bourgeoisie .

16) “…(But. Let it be said in parethesis, even if this had been the case, it would not have been proved that the proletariat should not have taken power, for it is the proletariat alone that has realy carried the bourgeois democratic revolution to its conclusion, it is the proletariat alone that has done something realy important to bring nearer the world proletariat revolution, and the proletarian alone that has created the soviet state, which after the paris commune is the second step towards the socialist state .)

17) “….Stolypms 'success' in the years immediately ahead might lead at best to the emergence of the stratum of consciously counter–revolutionary Octoberist peasants, but it is just such a transformation of the well-to-do minority into a politically conscious and united force that could invitably give a tremnedous impetus to the development of poltical consciousness and unity of the democratic mass against such a minority. We special-democrats could wish for nothing better than the transformation of the spontaneous sporadic, blind struggle beteween the 'sharks ' and the 'community ' into a conscious and open struggle between Octobrists and trudoviks . ”

Lenin coll. wks Vol15 P.271